# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 34 ዓመት ቁ.184 ሓሙስ 3 ሚያዝያ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
እስራኤል ኣብ በይሩት ደብዲባ



ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 5
ይከኣሎ ኩሉ ዘከኣሎ



ገጽ 11
ቢንያም፡ ገና ዓወት የናዲ



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ፕረዚደንት ሳልቫኪር መልእኽቲ ሰዲዱ

ብኣማኻሪ ፕረዚደንት - ኣቶ የማነ ገብረኣብ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ትማሊ ረቡዕ 2 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ንግሆ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ሳልቫኪር ማያርዲት ኣብጺሑ።

መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናይ ነዊሕ እዋን ምሕዝነት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምስ ሓው ህዝብን መንግስትን ህዝብን ደቡብ ሱዳን ደጊሙ ዘረጋግጽ፣ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ንምድንፋዕ ተጨባጢ መደባት ዘለዎ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ውሽጥን መንጎን ሃገራት'ቲ ዞባ ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን ምትሕብባር ንምድንፋዕ ዝሕግዝ እማመ ዝሓዘ'ዩ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ፕረዚደንት ሳልቫኪር፡ ስለ'ቲ ካብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝተላእከ እዋናዊ መልእኽቲ ምስጋና ድሕሪ ምቕራቡ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳንን ሰጡም ኣርኣእያ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።



## ሎጎ-ዓንሰባ - ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምስፋሕ፡ ብኮም ተበግሶታት ይውሰድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ዕድላት ትምህርቲ ንምስፋሕ ብመንግስቲ ዝፍጸም ዘሎ ጻዕሪ ንምሕጋዝ ብደረጃ ኮም ዝውሰድ ዘሎ ተበግሶታት ጸቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣቦ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ጸጋየ ብርሃ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ፣ ገዝኦምን ጉልበቶምን ኣወፊዮም ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርአ ሕጽረት ክፍልታት ንምምላእ ዘወሰድዎ ዘለዉ ተበግሶታት፡ ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ምሉዕናይ ኣብ ደናጉል ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ክሰርሑ ከለዉ፡ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ጠለብቶም ንምምላእ ድማ 24 ክፍልታት ዘጠቓልል ህንጻ ንምህናጽ ብዘጀመርዎ ስራሕ፡ ደሮ እቲ 10 ኣብ ደረጃ ምዝዛም ከምዝርከቡ ብዝተወሃኺ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ድማ፡ ኮም ተወዲቡ ብዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝጸንሐ ሕጽረት ክፍልታት ተመሃሮ ኣብ ማእከል ዓዶም ዝመሃሩሉ ባይታ ክፍጠርን ከምእተኻእለ ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ጽላሉ ኣደና፡ ዓዲ-ንኣምንን ዴናን ከምኡ'ውን ነበርቲ ዓድታት ግራት-ገብሩ፡ ጉናጉድን ደናጉልን ዘወሰድዎ ተበግሶን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ምሉዕናይ ዝፍጸም ዘሎ ስራሕን መርኣያ ናይቲ ውጽኢታዊ ተበግሶ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

## ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ዋዕላ ኣቃኒዮም

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ተመክሮታቶም ዘለዋወጡሉን ንቕሓቶም ዘበርኽሉን ባይታ ብምፍጣር፡ በብከባቢኡ ተበጊሱ ዘሎ ውዳቤታቶም ንምስፋሕን ንምድንፋዕን ዝዕለመ ዋዕላ፡ ብ29 መጋቢት ኣብ ካንቶን ቲቺኖ - ከተማ ሉጋኖ ኣቃኒዮም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ናብ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጀኔቫን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ ንተሳተፍቲ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን ምዕባለታት ዞባን ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ሰሚናር፡ ውዳቤታትናን መሳርሕን ብምስጣም፣ ሃገራዊ ክብርታትን መንነትን ብምዕቃብ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሓዱድ መኸተናን ልምዓትናን ከይተኣለናን ከይተዛናን ናብ ሹቶና ክንምርሽ ከምዝኽእል ኣስሚሩሉ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ብወገኑ፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ንምኽላዕን ናብ ሓድሽ ወለዶ ንምስጋጋሩን እቲ ቀንድን መሰረታውን ዕጥቂ - ንቕሓትን ውዳበን ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ንቕሓቶም ብምብራኽን ውዳቤታቶም ብምድልዳልን ኣበርክቶኦም ኣብ ልምዓት ሃገር ንምዕዛዝ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦመንበር ውዳበ መንእሰያት ስዊዘርላንድ መንእሰይ ኤልሻዳይ ማስፍን፡ ንዕላማን ዕማማትን ከምኡ'ውን ቅርጺ ውዳበ ጨንፈርም ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪቡ።





ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ሰሚናራትን ርክባትን ቀጻልነት ክህልዎ ብምልባው፡ ድልውነቶም ንዘበርክቶ መኸተ ኣረጋጊጾም።

እቲ ኢጋጥሚ፡ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ጀርመን፡ ብሪጣንያን ሽወደንን ዝመጽኡ ጋዳይም ደምጻውያንን መዚቐኛታትን ብዘቕረብዎ ባህላዊ ማሰናድኦ ደሚቑ ነይሩ።

ዜና

# ዓዲቐይሕ - ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ተተኺሉ




ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ናይ ሕርሻ መሬቶም ብግቡእ ዝዓለዉ ኣብቲታውያን ሓረስቶት ዝተዓደሉ 269 ኩንታል 'ኤለክትራ' ዝተባህለ ምሩጽ ዓሌት ዘርኢ ድንሽ ተተኺሉ።

ክኢላ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ መንግስተኣብ ኣርኣያ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እዚ ኣብ ክልተ እብረ ዝተዓደለ ምሩጽ ዘርኢ፡ ንምብዛሑ ምቹኣት ኣብ ዝኾና ምምሕዳራት ከባቢ መንደፈራ፡ ማእለውያ፡ ተኾንዳዕን ሓይሃብን ብዝጥዖ ሓረስቶት ከምእተተኽለ ብምግላጽ፡ ሓረስቶት ግቡእ ምሕደራን ክንክንን ክገብሩሉ ተማሕጺኑ።

እዚ 'ኤለክትራ' ዝተሰምየ ዓሌት፡ ሕማማትን ባልዓትን ዝጻወር ከምኡ'ውን ርቡሕ ምህርቲ ዝህብ ከምዝኾነ ጠቒሱ ድማ፡ ሓረስቶት ብዝለዓለ ክሰርሕሉ ጸዊዑ።

ኣብ ነቓጣታት ማእለውያን ተኾንዳዕን ኑቲ ማሰርሕ ዝከታተል ዘሎ ኣቶ ተዓገስ ተኽለ ብወገኑ፡ እቲ ምሩጽ ዘርኢ ካብ ምትካል ክሳብ ናብ መፍዘዝን ዕዳጋን ዝበጽሕ ግቡእ ምክትታል ከምዝገበረሉ ብምሕባር፡ ጠንቂ ምትሕልላፍ ባልዓት ክኸውን ዝኽእል ካልእ ኣትክልቲ ከይህሉ፡ ኣልማዕቲ ግራውቶም ብጽሬት ክሕዙ ኣተሓሳሰቡ።

ካብ ምምሕዳር ከባቢ ማእለውያ - ኣብቲታዊ ሓረስታይ ብርሃነ ካሕሳይ፡ ስለ'ቲ ዝተገብረሎም ሓገዝን ሞያዊ ምኽርን ብምምስጋን፡ ተዓጻጺ ምህርቲ ስለዝህብ፡ እቶታውነቶም ክብ ኣብሉም ጠለብት ናይ'ቲ ከባቢ ንምምላእ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

እቲ መደብ ሽቶኡ ንኽወቅዕ ዝያዳ ጻዕርን ምክትታልን ከምዝካየዱ ዝሓበረ፡ ካብ ምምሕዳር ከባቢ መንደፈራ - ሓረስታይ ዘርኣይ ፈቓዱ፡ ኩሉ ካብኡም ዝሕተት ንምግባር ድልዋት ከምዝለዉ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ ወጻኢ ካብ ዘእተዎ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ኣብ መኽዘን ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ካብ ዝተዓቀበ 540 ኩንታል፡ 269 ኩንታል ንንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ 138 ኩንታል ንንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ 120 ኩንታል ንዞባ ማእከል፡ 13 ኩንታል ድማ ንማእከል ምርምር ሓልሓለ ከም እተመቓረሐ፡ እቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

# ጎልጅ - ንኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝግበር ሓገዝ ክድፋኣሉ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ንኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላንን ኣለይቶምን ዝግበር ዓይነታዊ፡ ገንዘባውን ሞራላውን ደገፍ ብዝሓየለን ዝተወደበን መልክዕ ክድፋኣሉ፡ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ብኢጋጣሚ ዓለማዊ መዓልቲ ዳውንሲንድሮም ኣብ ዝተወደበ ርክብ፡ ኣደ-መንበር ማሕበር ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ራሀዋ ኣንገሶም፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ወገናት ኣብ ማሕበር ክጥርነፉ ኣጉዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ምቛም ማሕበር፡ ብዛዕባ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ዝጸንሐ መረዳእታ ንኸቕየር፣ ከምኡ'ውን ጉዳያትን ኣለይቶምን ንኽሕገዙ ዕድል ከምዝፈጥር ብምጥቃስ፡ ስድራቤታት ካብ ድሑር ልምድታት ርሒቖን ጉዳያት ዝሕግዙሉ ባይታ ኣብ ምፍጣር ቀላሲ ተራ ክጻወታ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጉዳያትን ኣለይቶምን ንምሕጋዝ ንዝወሰድ ዘሎ ስጉምትታት ብምምጓስ፡ ወሀድ ኮማዊ ደገፍ ንምምዕባል ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።



# ጊንዳዕ - መደበር ጥዕና ዳንኩር፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ህጻናት ዝምስገን ስራሕ ተሰላሲሉ

ኣብ መደበር ጥዕና ዳንኩር - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ንፍሱጻራትን ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናትን ዝወሃብ ስሩዕ መደብት ክታብት ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ናይ'ታ መደበር ተሓጋጋዚ ነርስ ዓብዱ መሓመድኑር ገሊጹ።

ነፍሰጾራት - ንድሕነተንን ድሕነት ዕሾላተንን ስሩዕ ምክትታል ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ከምዝተኻየደለን፡ ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ንዝዕድመኦም ህጻናት ድማ ክታብት ከምዝወሃብ ዝሓበረ ነርስ ዓብዱ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ጠንቅን ሳዕቤናትን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት'ውን እናበረኸ ይመጽእ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

መደበር ጥዕና ዳንኩር፡ ካብ ፍሽይ ምራራ፡ ወኪ-ዛግር፡ እንጅሓይ፡ ምሕሉብ፡ ናላይን ዳሕሱን ንዝመጽኡ ተገልገልቲ ኣገልግሎት ከም እትህብ ጠቒሱ ድማ፡ እቲ ከባቢ ከቢሳዊ ክሊማ ዝውንበሎ ምስ ምዃኑ፡ ቀጻሊ ኣኽታሳት ከምዝካየድ ኣሕቢሩ።

መደበር ጥዕና ዳንኩር፡ ኣገልግሎታት ክታብት ህጻናት፡ ሕክምና ተመላለስቲ ሕሙማት፡ ወሊድ፡ ወለንታዊ መርመራን ፋርማሲን ትህብ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ማይ-ድማ - ዕዳጋ ጥሪት ኣብ ምስሳን ኣታዊታት ኣበርክቶ ይገብር

ዕዳጋ ጥሪት ማይ-ድማ፡ ኣብ ምስሳን ንጉዳዊ ኣታዊታት ልዑል ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ታ ከተማ ኣቶ መሓሪ ኣልኣዝር ገሊጹ።

ወትሩ ሓሙስ ዝካየድ ዕዳጋ ጥሪት ማይ-ድማ ካብ ቀንዲ ምንጭታት ቀጠባዊ ኣታዊ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ካብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታት ደቡብን ጋሽ-ባርካን ዝመጽኡ ሸየጥትን ዓደግትን ስለዝተኣኻኽቡ፡ ብኡ መንጸር ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት'ውን ናይ ስራሕ ዕድላት ከምዝረኸባ ኣብሪሁ።

ኣቶ መሓሪ ኣስዒቡ፡ ንዕዳጋ ጥሪት ተባዚሉ ዝተዓለወ ትሕተ-ቅርጺ ብዘይምህላዉ፡ ግዱ እቲ ኣታዊታት ብኣሉታ ከምዝጸሎ ሓቢሩ።

ነታ ከተማን ኣብ ከባቢኣ ንዝርከብ ዓድታትን ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ንምሃብ ዝተዋደደ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝጸንሐ ንጉዳዊ ንጥፈታት፡ ሓደስቲ ትካላት ክስስና ድርኺት ከምዝፈጠረ'ውን ኣብሪሁ።

ኣብ'ታ ከተማ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዘርጋሓ 8 ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሓንቲ ማእከል ጥዕና፡ ከምኡ'ውን 12 መዐደሊ ነቑጣታት ዘጠቓልል ቀረብ ስርዓት ማይ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ዝሓሸ ዝርግሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣቶ መሓሪ ኣስዒቡ፡ ኣብ ንጥፈታት ልምዓት ጀራዲን ዝተዋፈሩ ሓረስቶት፡ ኣብ ምምላእ ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ኣገልግሎት ባንክ ዘይምህላው ካብ'ቶም ዝጥቀሱ ጸገማት ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።



# ዜና ጎደቦ

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## እስራኤል ኣብ በይሩት ደብዲባ



እስራኤል፡ ኣብ በይሩት - ርእሰከተማ ሊባኖስ ኣብ ዘካየደቶ ደብዳብ ነፈርቲ፡ ብዓል-ስልጣን ሕዝቡላህ ዝርከቦም 4 ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት ሸውዓተ ከኣ ከምዝቘሰሉ ተሓቢሩ።

እቲ ዝተቐትለ ብዓል-ስልጣን - ሓሰን ብዶር ዝተባህለ ኮይኑ፡ ንዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን እስራኤላውያን ከቢድ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ክካይድ ከምዝሓገዞ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ እስራኤል ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልታት ኣብ ልዕሊ ሕዝቡላህ ዝተቘጻጸሮ ከባቢታት በይሩት ዘካየደቶ ካልኣይ መጥቃዕቲ ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሕዝቦላህን ተበጺሑ ዝጸንሐ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኾሲ ኣብ ተወሳኺ ፈተና ኣእትይዎ ከምዝርከብ ተንተንቲ ገሊጾም።

ኣባል ባይቶ ሕዝቡላህ ዝኾነ ኢብራሂም ሙሳዊ፡ እቲ እስራኤል ዘካየደቶ መጥቃዕቲ ነቲ ኩነታት ምሉእ ብምሉእ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ዘዕርግ ምዃኑ ብምግላጽ፡ መንግስቲ ሊባኖስ ብዲፕሎማስያዊ መገዲ መፍትሒ ንምርካብ ክገጽ ከምዝለዎ ኣተሓሳሰበ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ጊዴዎን ሳር ድማ፡ ሊባኖስ ኣብ ውሽጢ ደባታ ኮይኖም ኣንጻር እስራኤል ዝንቀሳቐሱ ግብረ-ሽበራውያን ሓይልታት ንዘገራዊ ድሕነታ ኣብ ሓደጋ ከየእተውዎ ከለዉ ምሕያ ክተልግሎም ትጽቢት ከምዝለዎ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሊባኖስ የሴፍ ዓውን ብወገኑ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ነፈርቲ "ሓደገኛ መጠንቀቕታ" ክብል ብምኹናኑ እቲ ተግባራት ዲፕሎማስያዊ ወፍሪ ንምኪያድ ዘገድድን ኣህጉራውያን ደገፍቲ ዘኽትትን ምዃኑ ኣገንዘበ።

እስራኤል ኣብቲ ምስ ሕዝቡላህ እተካየዶ ዘላ ውግእ፡ ዝለዓለ መራሒ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ሓሰን ናስራላህ ንዝርከቦም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣባላት እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ከምዝቐተለት ጸብጻባት የመልክቱ።

## የመን - ብመጥቃዕቲ ኣመሪካ ሰባት ተቐቲሎም

ኣመሪካ ኣብ ዞባ ሑደይዳ ኣብ ዝርከብ ህንጻ ምምሕዳር ኣገልግሎት ማይ ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ኣየር፡ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ትካል ዝርከቡዎም ኣርባዕተ ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት ክልተ ሰባት ከኣ ከምዝቘሰሉ ተሓቢሩ።

ናይቲ ከባቢ መራኸቢ ብዙሓን፡ ኣመሪካ እንተላይ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር'ውን መጥቃዕቲ ከምዘካየደት'ኳ እንተገለጹ፡ ዋሽንግተን ግን ዛጊት ነቲ ኣብ ልዕሊ የመን ዘካየደቶ መጥቃዕቲ ኣመልኪታ ዝኾነ ሓበሬታ ኣይሃበትን ዘላ።

ምምሕዳር ዋሽንግተን ኣብ ልዕሊ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ ካብ ዝሓለፈ 15 መጋቢት ኣትሒዙ ክካይዶ ብዝጸንሐ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታት፡ ዛጊት ልዕሊ 60 ሰባት ተቐቲሎም ከምዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ (ፔንታጎን)



ድማ፡ ነታ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ዓሪዳ እትርከብ ነፈርቲ ውግእ እትሸከም 'ዩኤስኤስ ሃሪ ትሩማን' ዝተባህለት ደርማስ መርከብ፡ ካብ ዞባ እስያ ፓስፊክ ካልእቲ ተመሳሳሊት መርከብ ክውሰኸላን ተወሰኽቲ ነፈርቲ ውግእ ክሰደላን መደብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ፔንታጎን ኣስዒቡ፡ ኣብቲ ዞባ ግጭት ከስፍሕ ወይ ከንሃሃር ዝደሊ ናይ መንግስቲ ይኹን ናይ መንግስቲ ዘይኮነ ኣካል፡ ካብ ኣመሪካ ብጽታን ግብረ-መልሲ ክወሃቦ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ሑቲ፡ ናብታ ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ ብርክት ዝበለ ናይ ሚሳይላትን ድሮንን መጥቃዕቲ ከምዘካየደ ዝሓለፈ ሰሉስ ሓቢሩ ነይሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራውያን መራኽብ ኣመሪካ ዝተኻየደ ሳልሳይ መጥቃዕቲ ምዃኑ ድማ እቲ የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ወሲኹ ኣብሪሁ።

## ፕረዚደንት ግብጺ ምስ ትራምፕ ተዘራሪቡ

ፕረዚደንት ግብጺ ዓብደል ፋታሕ ኣል-ሰሲ፡ ርግኣት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብ ዝብል ዛዕባ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ ከምዘካየደ ተሓቢሩ።

ብኣራን ከምዝደገፍ ዝነገረሉ ሑቲ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ንምቅዋም፡ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ ባሕሪ ዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ እስራኤልን ሃገራት ምዕራብን ዛጊት ልዕሊ 100 ግዜ መጥቃዕቲ ከምዘካየደ'ዩ ዝሕበር።

እዚ ኣብ ልዕሊ መራኽብ ምዕራብ ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕቲ ንዓለምለኻዊ ንግዲ ዕንቅፋት ክኸውን ከሎ፡ ወጻኢታት ናይ'ቲ ሰራዊት ኣመሪካ ሚሳይላት ሑቲ ንምቅጽጻር ዘካየዶ ወፈራ ከኣ ከምዝልዓለ እዩ ዝሕበር።

ትራምፕ ብወገኑ ብሰሉስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምምሕዳሩ ኣብ ልዕሊ እቲ የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ዘመዝገቦም ዘለዉ ምዕባለታት ኣመልኪቱ ምስ ግብጻዊ መዘናኡ ከምዝተዘራረበ ገሊጹ ኣሎ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ እዚ ኣብ ልዕሊ ሑቲ ዘካይዶ ዘሎ መጥቃዕቲ ከም ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ የመናዊ ዕጡቕ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ ባሕሪ ዝሓልፋ መራኽብ ዝፍጽሞ ዘሎ መጥቃዕቲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣራን ንሑቲ እትህቦ ዘላ ደገፍ ብህጹጽ ደው ክተብሎ ኣተሓሳሰቡ ኣሎ።

ሑቲ ካብ ሕዳር 2023 ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ ባሕሪ ዝሓልፋ መራኽብ ብዘፍጸሞ ዘሎ መጥቃዕቲ፡ እተን መራኽብ ንድሕነተን ብምስጋእ



መትረብ ስወዝ ሓዲገን ብከባቢ ማያት ደቡብ ኣፍሪቃ ተኻሊለን ክሓልፋ እየን ተገዲደን ዘለዋ።

ከም ሳዕቤን ናይዚ ከኣ፡ ግብጺ ካብ መትረብ ስወዝ ክትረኽቦ ዝጸንሐቶ ኣታዊታት ኣብ 2024 ጥራይ ብ7 ቢልዮን ዶላር ከምዝነከየ፡ ፕረዚደንት ግብጺ ዓብደል ፋታሕ ኣል-ሰሲ ምሕባሩ ይዝከር።


## ርዋንዳ - ሓድሽ መድሃኒት 'ዓባይ ሰዓል' ተስፋ ይህብ

ኣብ ርዋንዳ ብዝርከብ 'ኣካገራ ሜዲስንስ' ዝተባህለ ኩባንያ ባዮተክኖሎጂ ዝፈረያ - ንሕማም ዓባይ ሰዓል ንምፍዋስ ዓሊሙ ዝተሰርሐ 'ኢዩከይጂ-100' ዝተሰምየ ሓዲሽ መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት፡ ኣብ ናይ መጀመርያ ደረጃ ፈተነኡ ኣተባባዒ ውጽኢት ከምዝተረኽቦ ተሓቢሩ።

እቲ ሕክምናዊ ፈተነ፡ ኣብ ክሊኒካዊ ምርምር ኬፕ ታውን - ደቡብ ኣፍሪቃ - ዓባይ ሰዓል ኣብ ዘለዎምን ዘይብሎምን ተሳተፍቲ ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ገና እውን ብዙሓት ዘለዎም ወለንተኛታት ነቲ ሕክምናዊ ፈተነ ክጽንበርዎ ተስፋታት ከምዘሎ ተገሊጹ።

እቲ ኣብ ከተማታት ቦስተንን ሳን ፍራንሲስኮን (ኣመሪካ) ኣብያተ-ምርምር ዘለዎ ኩባንያ፡ ዓባይ ሰዓል፡ ናይ ኣዕዋፍ ኢንፍሉወንዛን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ንምፍዋስ ዘኽእሉ መድሃኒታት ኣብ ምምዕባል ኣተኲሩ እዩ ክሰርሕ ጸኒሑ።

እቲ ኩባንያ፡ እዚ ተስፋ ተረኺቡዎ ዘሎ መድሃኒት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ ብዙሓት ዘለዎም ሰባት ኣድማዕነቱ ብምፍታን፡ ናብ ዕዳጋታት ክዝርግሖ መደብ ከምዘለዎ ይገልጽ።



## መራሒ ኣልጀርያ፡ ምስ ፕረዚደንት ፈረንሳ ዝርርብ ኣካዩዱ

መራሒ ኣልጀርያ ዓብደል-ማድጂድ ቴብቡን፡ ምስ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑወል ማክሮን ብቴሌፎን ተራኺቡ፡ ብዛዕባ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝነበረ ክልተኣዊ ዝምድናን ዝተፈጥረ ውጥረትን ኣመልኪቱ ከምዝተዘራረቡ፡ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ኣልጀርያ ኣፍሊጡ።

እቲ ዝርርብ፡ ድሕሪ'ቲ ግዝኣታት ፈረንሳ ዝነበራ ሃገራት - ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን ምስ ፓሪስ ዝጸንሐን ኩሉ-መዳያዊ ዝምድና ምሽሕካሩ'ዩ ዝካየድ ዘሎ።



ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ፈረንሳ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት ንዕርክነቶም ሓድሽ ምዕራፍ ብምኽፋት፡ ክልተኣዊ ዝምድናታቶም ኣብ ስሉጥነትን ውጽኢታውነትን ዘተኮረ ክኸውን ከምዝተሰማምዑ ኣመልኪቱ።

ብተወሳኺ፡ እዞም መራሕቲ ንድሌታት ክልቲአን ሃገራት ብምኽባር፡ ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ዝካየድ ንግድን ወፍርን ንኽሕይል ኣብርቲዖም ክጽዕሩ ከምዝተመባጽዑ ሓቢሩ።

እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ዘካየድዎ ዝርርብ ነዊሕ፡ ግሉጽን ምቕሉልን ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝጸንሐ ናይ ጸጥታ ምትሕብባር ዳግም ክጅመር ኣብ ዝብል ዛዕባ እውን ተወሳኺ ዝርርብ ክካይዱ ከምዝተሰማምዑ፡ ኣብ'ቲ ዘውጽኦ መግለጺ ጠቒሱ።

# ሻባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ይከኣሎ ኵሉ ዝከኣሎ

ቤቲኤል ሰሎሞን

## ሃየ መንእሰይ ኣርክቦ ጅግና









ጓል ሸውዓተ ዓመት እንከለኹ፡ ምስ ወላዲተይ ‘ይከኣሎ’ ናብ እትብሃል ዓዲ ክነግድ ከይደ ነይረ። ካብቲ ናይቲ እዋን ፍጻመ ዝዝክሮ እንተ’ሎ፡ ብሰንክ’ቲ ደድሕረይ እናሰዓበ ኣእጋረይ ኣይገድፍ ሕቔይ እናደሰቐ ዘዋረደኒ ኣእማን ዝፈጠረለይ ቃንዛ፡ ኣፈይ ሃህ ኣቢለ እበኪ ምንባረይ’ዩ። እቲ ተሪር ዓቐብን ቀልቀልን ዝበዝሖ መንገዲ ተወዲኡ፡ ዓዲ ምስ ኣተና እውን እንተኾነ፡ ካብ ጽልኣቱ ዝተላዕለ መግቢ ተሓሲመ እየ።

ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ናብ ቤትና ተመለስና። ንወላዲተይ ግን ጸሊኣያ ቀነኹ። ምኽንያቱ፡ ኣእጋረይ ቈሲሉ ምኻድ እየ ስኢነ። ድሕሪ ገለ ዓመታት ‘ይከኣሎ’ ትብል ደርፊ ክትዝየም ሰሚዐ ቈለጭ በለኒ። “ነዚ ብዘይካ ገያጽ ጎቦን ኣሻኹ መንገድን ዝተመልአ ዓዲስ ስራሕ ስኢኑ ይደርፈሉ ኣሎ፧” እናበልኩ ነታ ደርፊ እናኽሰምዓ ነቲ ድምጻዊ ምስታ ዓዲ ለኪመ ኣምረርኩዎ።

ክንዲ ሰብ ኮይነ ኣብ ታሪኽን ክብርታትን ሃገረይ ከተኵር፡ ብዛዕባ ገድላዊ ፍጻመታት ክሰምዕን ከንብብን ምስ ጀመርኩ፣ እታ ብተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ ትኹል) ዝተዘየመት ይከኣሎ እትብል ደርፊ ንዓዲ ወላዲተይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ ገድልን መስገደሉን ዝተዋደቐ፡ ንህላውነቱ ብዘይ ምህላው ዘውሓሰ፡ ነቲ ካብ ምረት ዝመረረ ናብራ ዝኸኣለ ጅግና ኤርትራዊ “ይከኣሎ” ኢሉ ከም ዝዘየመ ተሰወጠኒ።

ናደው ማለት ጸላኢ ዝምክሓሉ ንትሸዓተ ዓመት ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝዓረደ ናይ ጸላኢ ኣሃዱ ምንባሩ፡ ሳላ እዛ ዜማ ክበርሃለይ ክኢሉ እዩ። ጸላኢ ድሕሪ ስዕረቱ፡ ‘ተፈጥሮ’ውን ዘርዩና’ዩ፡’ ኣብ ዝበሎ ቦታ ንኽንዲ’ዚ ዓመታት ምጽንሑ፡ ንዘመነ ገድልና ከም ዝናዋሕ ገይሩ’ዩ። ምኽንያቱ ድሒሩ ዝሰዓበ ዓወታት ኣንፈት ናጽነት ዘነጸረ ብምንባሩ። “ናደው ንምድምሳስ ኵሉ ዓይነት ስልቲ ናይ መጥቃዕቲ ተጠቒምና ኢና ኣካይድናዮ፡” ኢሉ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ክዛረብ ሰሚዐዮ ነይረ። ስለዚ፡ እቲ ከም ሰብ ዝሓስብ፡ ከም ስጋ ዘይለበሰ ፍጡር ምረት ዝጸወር ተጋዳላይ፡ ንስልትታት መጥቃዕቲ ከም ኣባልዓ እንጌራ ኣብ ውሱን እዋን ዛዚሙዎ ማለት’ዩ። ንዓወታት ይከኣሎ ኣብ ምድምሳስ ናደው እዚ ኣብ ዘሰምዓሉ ህሞት ከኣ፡ ካብ ዝኸሪ ምድምሳስ ናደው እዚ፡ ‘ዝኽሪ ይከኣሎ’ ተባሂሉ ክትካእ እምነ። እቲ ስም ምጽውዑ ጥራይ ግዲ ባህ ዘይበለኒ ኮይኑ።

ምስጢር ዓወት ሰውራዊ ቃልሲና ረቂቕ ጥበብ ዝሓለፎ ውጥን’ዩ። ጸላኢ ንነዊሕ ዓመታት ናቕፋ ኣፋ ሃህ ኣቢሉ ከቋምታ ከሎ፡ ህዝባዊ ግንባር ግን ኪኖ ግንባራት ናቕፋ’ዩ ዝሓስብ ነይሩ። ብዝተራቐቐ ስልቲ፡ ኣብ ሳልስቲ ምሉእ ብምሉእ ናደው እዝ ከም ዝተደምሰሰ ታሪኽ ዝነገረኒ ሓቂ’ዩ። ብ/ጀ ተጋዳላይ ገረዝጊሄር (ውጩ) ኣብ እዋን ምብጋስ መጥቃዕቲ፡ ንሰራዊቱ፡ “ሎሚ ኣብቲ ሓመድ ድብ ክንሳተፍ ኢና፡” ምስ በሎም፡ እቲ ንጹር ዕላማን ኒሕን ዝዓጠቐ ተጋዳላይ ዝሃቦ ግብረ-መልሲ ኣዝዩ የደንቕኒ። ዓይነይ ከፊተ ንወለዶይ ከም ዘቋምቶ፡ ንውሽጠይ ከም ዝሓቶን ይገብረኒ። እቲ መትከል ድማ ኣብ ልብን ሕልናን ኵሉ ኤርትራዊ ይጸንሓኒ። ተጋዳላይ ኵሉ ክኢሉ ምስ ሓጺነ-መጺን ተራጺሙ። ነታ ሉል ዝኾነት ሃገሩ፡ ካብ ዝምታ ኣድሒኑዋ እዩ። ኩሉ ሳላ ዝኸኣለ።

‘ስርሒት ናደው ዝኾነ ፍሸለት ዘየጋጠሞ ውጥን’ዩ፡’ ክብሉ ገለ ሰብ ውዕሎ ሰሚዐ ነይረ። ፈራሕ ዓሰርተ በትሩ ከም ዝበሃል፡ ጸላኢ ካብቶም ኣብ ፈቐዶኡ ዘዕረዶም እዝታት ዝሓየለ ምንባሩ ዝንገረሉ ናደው እዝ’ዩ ነይሩ። ልዕሊ 22,000 ሸሕ ወተሃደራት ዝተራቐቐን ዘመናውን ኣጽዋር ዝዓጠቐ፡ ዘወነኖ ቦታ ከኣ ስትራተጂክያዊ።

ምድምሳስ ናደው እዝ፡ ጸላኢ ንፈለማ እዋን ‘እምበርዶ ክስዕር ኢና፡’ ዝብል ናይ ስዕረት መንፈስ ከንጸባርቕ ዝተቐሰበሉ ውድቀት ምንባሩ’ዩ ዝዝከር። ንተጋዳላይ ኤርትራ ግን ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ወጋገኑ፡ ናብቲ ዝዓበየ ባብ ሓርነት ከም ዝኸይድ’ዩ ገይሩዎ። ድምጻዊ ወዲ ትኹል ኣብ ዜማኡ ‘ጽሒፍካያ ዛንታ’ ዝበሎ’ውን ሓቁ እዩ። ብርግጽ ምድምሳስ ናደው እዝ ድሕሪ ውግእ ድየን ብየን ፉ (ቬትናም)፡ ብሓደ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ዝተመዝገበ ዝዓበየ ዓወት ምዃኑ፡ ብመንገዲ ተመራማሪ ታሪኽ ባሲል ዳቪድሰን ንዓለም ምስ ተነግረ፡ እንሆ ወትሩ ኣብ ታሪኽ ተወቂሩ ይነብር። ዘኹርዕ ፍጻመ።



መንእሰይ፡ ቀንዲ ተጸዋዒ ናይ ሃገር እዩ። ድሌት ህዝቢ ንምስማር፡ ክብሪ ህዝቡን ሃገሩን ንምሕላው፡ ሃገሩ ናብ ጕደና ምዕባለ ክትምርሽ ነቲ ኣድካሚ ጕዕዞ ብዓቕሊ ምኻድ፡ ኣብ ዕድመ ንእስነቱ ክገብሮ ዝሕተቶ እዩ። ዋርሳይ በቲ ናይ ምኽኣል መነጽር ጠሚቱ ኣብ ዳግማይ ወራር እጃሙ ኣበርኪቱ። ንስለ ርስቲ ከየባተኹ ንመዋእል ዝተቓለሱ ኣያታትና ዘውንኑዎ ሓያል ናይ ምኽኣል ክብሪ፡ ንዘልኣለም ወሪስናዮ ክንነብር ጥራይ’ዩ ኣማራጺና። ናይ ትማል ታሪኽና ነቲ ‘ምኽኣል’ ዝብል ናይ ይከኣሎ ታሪኽ ብደሚቕ ቀሊምዎ ስለ ዘሎ።

ዜማ ይከኣሎ ብዙሕ ሓቂ እያ ነጊራትኒ። ቃንዛ ህዝቢ ብዕልልታ ክትካእ፡ ጸላም እዋን ብብርሃን ክኹላዕ፡ ይከኣሎ ንኹሉ ዘይከኣል ክኢሉዎ። ኣብ ራኢኻ ምንባር ማለት ከምዚ እዩ። ነቶም ንምረት፡ ንምፍልላይ፡ ንጥሜት፡ ንጽምኢ፡ ንድኻም፡ ንኸርተት ክኢሎም ናጻን ልኡላውነታ ዘውሓሰትን ሃገር ዘረከቡና ጀጋኑ፡ ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ምድምሳስ ናደው እዚ ክብርን መጎስን ንዕኦም ይኹን።

ኣነ’ውን ነዛ ዜማ ኣብዚ ዘለኹዎ እዋን ኮይነ ከስተማቕራ ከለኹ፡ “እታ ሃየ መንእሰይ ኣርክቦ ጅግና” ትብል መስመር ትምልከተኒ እያ። ጅግና ይከኣሎ ኩሉ ክኢሉ፡ ጥሜቱ ድኻሙ ጽምኡ ሕማሙ፡ ብዓቢኡ ህይወቱ ወፍዩ ክኢሉዎ። ንሕና ድማ ንታሪኽና ምምሳል ንኽኣል። ንመጻኢና ንመነዮ። እቲ ዘይከኣል ዝመስል ሳላ ምኽኣል ተበጺሑ እዩ። ዕቤትን ምዕባለን ሃገር ዘይጽወርን ዘይከኣልን ሰጊርካ እዩ ዝርከብ እሞ፡ መጻኢና ንምውሓስ ንኹሉ ንኽኣል። ኣብ ኤርትራዊ ደም ዘይከኣል ስለ ዘየለ።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## እቲ ዝነፈረ ተመን

ሓደ ፕሮፌሰር ኣብ ቅድሚ ናይ ፍልስፍና ተመሃሮኡ፡ ሓደ ሓደ ዘድልዮ ኣቑሑ ሒዙ ቀረበ። እቲ ክፍለ-ግዜ ምስ ጀመረ፡ ብዘይ ዘረባ ናይ ጎልፍ ኩዓሳሉ በብሓደ እናኣልዓለ፡ ብቤትሮ ኣብ ዝተሰርሐት ሳርማ ክእቱዎ ጀመረ። ተመሃሮ ብትኹረት ዝከታተሉዎ ክፍለ-ግዜ ብምንባሩ፡ ጸጥ ኢሎም ክከታተሉ ጀመሩ። እቲ ፕሮፌሰር፡ ነተን ኩዓሳሉ ኣብቲ ዕትሮ ኣእትዩ ምስ ወደአ፡ “እዛ ዕትሮ መሊኣዶ ኣይመልአትን?” ብምባል ሓተቶም። ተመሃሮ ብሓባር ብእወታ መለሱ። እቲ መምህር ጸጸር ዝሓዘ ሳንጣ ብምስሓብ፡ ናብቲ ዕትሮ በብቑሩብ እናኣእተወ፡ ነታ ዕትሮ ይሓቑና ነበረ። እቲ ጸጸር፡ ብመንጎ እቲ ኩዓሳሉ እናሰለኹ ነቲ ክፉት ቦታ መሊኡዎ ተራእየ። እታ ዕትሮ ምምልኣን ዘይምምልኣን ደጊሙ ነቶም ተመሃሮ ሓተቶም። ተመሃሮ ብዝተደናገረ ስምዒት ብእወታ መለሱ።

እቲ መምህር፡ ሑጻ ካብ ዝሓዘ ሳንጣ፡ ሑጻ ናብቲ ሳርመ ኣኣተወ። እቲ ሑጻ ብዝረኸቦ ንኣሸቱ ክፍታት ኣብ መላእ እታ ዕትሮ ሓሸሸ እናበለ በጽሐ። “ሕጂኸ መሊኣዶ?” በለ መምህር ነቲ ሑጻ ገምጢሉ ምስ ወድአ። ተመሃሮ፡ ‘ሕጂስ ዘውሰኽላ የብሉን፡’ ብዝብል ሓሳብ፡ ብእወታ መለሱ። እቲ መምህር፡ ገለ ታኒካታት ቢራ ብምኽፋት ናብቲ ዕትሮ ገምጠለ። እቲ ቢራ ከኣ ኣብ ኵሉ እቲ ዕትሮ ተራእየ። ተመሃሮ ሰሓቑ።

“ሕጂ እምበኣር፡” በለ እቲ መምህር ፍልስፍና፣ “እዛ ዕትሮ ከም ህይወትኩም ክትሓስቡዋ እደሊ ኣለኹ። እተን ናይ ጎልፍ ኩዓሳሉ፡ ኣብ ህይወትኩም ኣገዳሲ ዝብሃል ነገራት ከም፤ ስድራቤት፡ ቈልዑ፡ ጥዕናኹም፡ ኣዕሩኽኩም፡ ትፈትዉዎ ዝምባልኹምን ክእለትኩምን ሕሰቡዎ። እዚ ማለት፡ እቲ ብዙሕ ኣብ ህይወትኩም ዘሎ ደቀቕቲ ነገራት ምስ ተኣልየ፡ ብታሕቲ ኣስኪኡ ዝጸንሕ እዩ። እቲ ደቀቕቲ ተኣልዩ ከብቅዕ፡ ከምዛ ኩዓሳሉ ሒዛ እንከላ ‘መሊኣ’ ዝበልኩማ ዕትሮ፡ ህይወትኩም ምሉእ እዩ። እቲ ጸጸር፡ ኪንዮ’ቲ ፍሩይ ንህይወትኩም ዘገድስ ካልእ ነገራት ከም ስራሕ፡ ገዛን ካልእን እዩ።

“እቲ ሑጻ ከኣ እቲ ዝተረፈ ዘደቀቐ ነገራት ወይ ጕዳያት ህይወትኩም እዩ። እዛ ሳርማ፡ ቀዲምና ሑጻ እንተ ንመልኣ፡ ነዘን ኩዓሳሉ ዝኸውን ቦታ ኣይምተረኽበን። ኣብ ህይወትና’ውን ተመሳሳሊ እዩ። ኵሉ ግዜናን ጸዓትናን ኣብ ደቀቕቲ ነገራት እንተ ኣውዒልናዮ፡ ነቲ ዝዓበየ ንህይወትና ዘገድስና ነገራት ዝኸውን ቦታ ኣይክንረክብን ኢና። ንሓጕስኩም ወሰንቲ ኣብ ዝኾኑ ነገራት ወይ ጕዳያት ብጥንቃቐ ኣድህቡ። ቀዳምነታትኩም ኣለልዩ፣ እቲ ዝተረፈ ሑጻ ጥራይ’ዩ፡” ብምባል ኣዕረፈ መምህር።

“እቲ ቢራ ደኣ እንታይ ክንብሎ ኢና መምህረይ?” በለ ሓደ ተመሃራይ። ተመሃሮ፡ እቶም ዘዘንግዑን እቶም ሕቶ ኰይኑዎም ዝጸንሐን ብሓደ ብምጕርምራም ሕቶ ኵሎም ምኻኑ ኣመቱ። እቲ መምህር’ውን ፍሽኽ በለ።

“እዛ ሕቶ ምሕታትካ ሕጉስ’የ። ዋላ ደኣ ህይወትኩም ምሉእ ይኹን እምበር፡ ኵሉ ሳዕ ንምዝናይ ዝኸውን ቦታ ኣሎ፡” ብምባል ካብቲ ክፍሊ ወጽአ።

inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ኪዳነ ነጋሽ ባህቱ ወድና ሃኒባል ኪዳነ ነጋሽ ስለዝተሰወኡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ኣስቴር ነጋሽ ተስፋሚካኤል ወረስቱ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣቶ ከርስ ተወልደ ጉብረገርግሽ ኣቦይ ተወልደ ጉብረገርግሽ ጉብሩ ስለዝሞረረ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋገርግሽ ኣርኣያ ተላ፡ ብዓልቲ ቤተይ ፊዮሪ ሳሙኤል ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝሞረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድ ወራሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ማስቀላ ጸጉ ዘርኣይ ምግል ተረፉ፡ ማስቀላ ጸጉ ዘርአ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ርዚና ተስፋጊዮርጊስ ተሰማ፡ ብዓል ቤተይ ፍቓዱ ተስፋ ዕቑብ ስለዝሞረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ሰለባ ሃይለ ፍስሃየ ምግል ተረፉ፡ ሰለባ ሃይለስላሴ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሳምራዊት ብርሃ ወልዳይ፡ ተጻዋዒ ኣቶ ፍርደም ተኪኤ ክፍሉ፡ ናይ ስቪል ጉዳይ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ መሓሪት ፍስሃየ ፍደጋ፡ ብዓል ቤተይ ጋይም ጉብረመድህን ማይቡዩት ስለዝሞረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ስምኦን በረኸት ኢያሱ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ስምሃር ጃብሪል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ሄኖክ ጉብረህይወት መሓሪ ምግል ተረፉ፡ ሃኒባል ጉብረህይወት መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ግርማይ ኣብራሃም ዓብደላ ምግል ተረፉ፡ ፋጥና ኢብራሂም ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

እሙና ህብትኪኤል ኣድሓና ምግል ተረፉ፡ ሉተብርሃን መሓሪ ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ርቤል ሞካሽን ይከኣሎ ምግል ተረፉ፡ ዳኒኤል ሞካሽን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፊረጃ መሓመደኑር፡ ተጻዋዒ ኣቶ ዓብደላ በኺት ማሕሙድ፡ ናይ ሞዝቲትት ጓልካ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ቤተልሄም ወልደትንሳኤ ረዳእ ምግል ተረፉ፡ ናዝሬት ወልደትንሳኤ ረዳእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ተኽለሃይማኖት ተዓገስ ምግል ተረፉ፡ ኣግኣዚ ተዓገስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ መርሃዊት በርሀ ዳኘው፡ ብዓል ቤተይ ምሕረቱ ፍቓዱ በየነ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓመድ ሓምድ መሓመድ፡ ስም ኣደይ በኺታ ዑመር እብራሂም ምግል ተረፉ፡ ኣምና ዑመር እብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስተል መሓመድ ዑስማን ኣብበከር ዑስማን ምግል ተረፉ፡ ስተል ዑስማን ኣብበከር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላም ኣለመ በላይ ምግል ተረፉ፡ ሰላማዊት ኣለሙ በደደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ረያት ዑስማን መሓመድ፡ ስም ኣደይ ዜኑብ መሓመድ መሕሙድ ዓሊ ምግል ተረፉ፡ ዜኑብ ኣሕመድ መሕሙድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ወ/ት ደሊላ ኣማረ ጉብርኣብ ዝተበሃልኩ፡ ህያብ ወሃብቲ ወለደይ ኢንጂ/ኣማረ ጉብርኣብ ወልደስላሴን ወ/ሮ ሉተንገስ ባህልቢ ኣሸፋረን፡ ኣብ ቅድሚ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ረጂስትራል ቀሪቦም፡ ዕለት 04/03/2025 ብቑ/መዝ/97/2025 ዝፈጸሙለይ ወህብቶ መሰረት፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕ ፕሎት 15 ፓርሰል ዞን 04 ፓርሰል H ዝርከብ ካብ ሚ/ሪ መ/ማ/ኣ/ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.2/000248 ዕለት 09/10/2015 ዝፍለጥ፡ ብስም ወላዲየይ ኢንጂ/ኣማረ ጉብርኣብ ወልደስላሴ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብወህብቶ ስለዝሃቡኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝፈቐዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምኳነይ እሕብር።

ወ/ት ደሊላ ኣማረ ጉብርኣብ
ወኪል ተስፋኣለም ባህቡ ኣሻፈረ

---

ኣመልካቲት ስትመርየም ህያቡ ዑመር፡ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 05 ብዚፕ ኮድ 6K-1199 ፕሎት ብሎክ 28 ፓርሰል G (ጂ) ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብመ/ቁ/ንብረት 6BRKN001045 ዋንነቱ እተረጋገጸ፡ ካብ ሸየጥቲ 1.ኣሕመድ ኢብራሂም ሰይድን 2.ዛህራ መሓመድ ሰረፍን ብዕለት 24/09/24 ብሕጋዊ ውዕል መሸጣ ዝዓደኽዎ፡ ዋንነቱ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝፈቐዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እተዘይ ቀሪቡ ግን መሰርሕ ምትሕልላፍ ዋንነት ክፍጽም ምኳነይ እሕብር።

ስትመርየም ህያቡ ዑመር

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንዑ ዞባ ጋላ ነፍሒ፡ ዓዲ ራእሲ ቁ.ገዛ - ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00022614 ናይ ጎማ ፕላስቲክ መስርሒ ፋብሪካ ትካለይ ወ/ሮ ሓያት ዓብደላ ሙሳ፡ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ከረን ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 03/02/2025 መዝ. 55/2025 ስለዘሸጥኩሉ፡ ብሽም ሽያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደአ ሃሊዩ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ የርብ። እተዘይ ኮይኑ ግን፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓለለፍ ፍለጥ።

ርእሶም ፍስሃየ ሳሚኤል

---

ብስም ምስየና ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ን ASL00022672 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዳዝ ጎደና - ቁ.ገዛ ዝርከብ ናይ ባር ትካለይ ኣቶ ቴድሮስ ኣማኒኤል ውብሸ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዳዝ ጎደና - ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 04/06/2021 ክሳብ 03/06/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ፍለጥ።

ምስየና ዑቕባገርግሽ መንግስቱ
ሕጋዊ ወኪል ወ/ሮ ኣዜብ ዑቕባገርግሽ መንግስቱ

---

ኣነ ኣመልካቲ ጸሃየ ጉብረኪዳን ፍስሓጽዮን ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንዑባ / ሰምበል ከባቢ ቦንድ ዚፕ ኮድ 1A863 ፕሎት 244 ፓርሰል L ጎደና 863-183 ቁ.ገዛ - ስፍሓቱ 500 ት/ሜ ዝኾነ G+1 ገዛ፡ ዋንነቱ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:005066 ብስመይን ብስም ብዓል ቤተይን ኣሰፋሽ ብእምነት የውሃንስ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ናብ ክስተ ተስፋየውሃንስ ሓድጉ ስለዝሸጥናዮ፡ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፍ ስለዝኾነና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝፈቐዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምኳነይ ይሕብር።

ኣመልካቲ ጸሃየ ጉብረኪዳን ፍስሃጽዮን

---

ብስም ተወልደ ተስፋጼዮን ግብረቱ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00031695 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከለ ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ሳዋ ቁ.ገዛ 08 ዝርከብ ናይ ቤት መግብን መስተን ትካለይ ወ/ሮ ሳባ ወልዳይ ሰለሙን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከለ ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ ጎደና ጸሎት፡ ቁ.ገዛ 18፣ ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ፡ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ፍለጥ።

ተወልደ ተስፋጼዮን ግብረቱ
ሕጋዊ ወኪል ቀሺ ቦኽረጼን ተወልደ ሃብተስላሴ

---

ብስም ኣለምጸሃይ ተስፋይ ጊለ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00022440 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 17 ዝርከብ ናይ ቤት መኪና መጸገኒ ጋራጅ፡ ንኣቶ የውሃንስ ሓጎስ ዑቕባዝጊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ጎዳይፍ ጎደና 716 ቁ.ገዛ 26 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ፍለጥ።

ኣለምጸሃይ ተስፋይ ጊለ

---

ብስም ኣማኒኤል ወልዱ በርሀ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00026459 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዳዝ ዓዲ ሰገዶ ቁ.ገዛ - ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ ወ/ሮ ኣስመረት ሃብተ ቦኽረጼን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዳዝ ዓዲ ሰገዶ ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ፍለጥ።

ኣማኒኤል ወልዱ በርሀ

---

ኣብ ጋራጅ ጉሊዝያ (ፓምፒስታ) ሰታንታኣቶ መኪይን ዘቐመጥኩም፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንብረትኩም ከተልዕሉልና ንሓትት። በዚ ዝተጠቕሰ መዓልታት እንተዘይ ወሲድኩሞ፡ ተሓተትቲ ከምዘይኮንና ንሕብር።

ወኪል ተኽስተ ኣርኣያ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## "ምስ ወደይ ክራኸብ ሓግዙኒ"

እዘን ኣብ ስእሊ እትዕዘብወን ዘለኹም፡ ጓል 80 ዓመት፡ ኣደይ ሃንሱ መሓሪ እየን ዝበሃላ። ኣደይ ሃንሱ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፓራዲዞ (ፓራዱብ) ዝቕመጣ ኮይነን



ኣደይ ሃንሱ መሓሪ

ኣደ ክልተ ደቂ እየን። እቲ ንእሹቶ ወደን ሃገራዊ ግቡኡ ኣብ ምፍጻም ክርከብ እንከሎ፡ እቲ ዓቢ ግና፡ እዮብ ስመረ ኣብርሃም ዝተባህሉ፡ ካብ ፈለማ ናይ ናጽነት ዓመታት ኣትሒዙ ካብአን ካብ ዝፍለ፡ ክሳብ ሕጂ ደሃይ የብሉን።

እዮብ ስመረ ኣብርሃም፡ እዚ ኣብ ስእሊ እትዕዘብዎ ዘለኹም እዩ። ንሱ፡ ኣብ ፈለማ 1970ታት'ዩ ኣብ መንደፈራ ተወሊዱ። ማብቁል ዓዱ ድማ፡ ኩትመወሊዕ ምኳኑ፡ ወላዲቱ ኣደይ ሃንሱ ይሕብራ።


ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዕድመኡ ከባቢ 54 ዓመት ገይሩ ዘሎ እዮብ ስመረ፡ ኣቦኡ ኣቶ ስመረ ኣብርሃም፡ ኣውቲስታ ሃይወይ ዝሰርሑ ኮይኖም፡ ንሱ ወዲ 7 ወርሒ እንከሎ'የም ብሞት ካብ'ዛ ዓለም ተፈልዮም።

እዮብ ስመረ ወዲ 20 ዓመት ምስ ኮነ፡ ምስ 'ናይ ወጋሕታ' ኮይኑ፡ ንኺጋደል ናቕፋ ከይዱ ነይሩ'ዩ። እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዝበጽሖ ናይ ጥዕና ጸገም፡ ካብ ሰራዊት ተፋንዩ፡ ንገዝኡ ተመሊሱ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብምኽንያት ስራሕ ናብ ዓሰብ ብምኻድ፡ ከም ኣውቲስታ ኮይኑ፡ ካብን ናብን ዓሰብን ኣዲስ ኣበባን ይመላለስ ምንባሩ ወላዲቱ ይሕብራ። ኣብ ዓሰብ እናተቐመጠ ከሎ ድማ፡ ካብ ሓንቲ ኢትዮጵያዊት ክልተ ቈልዑ ከምዝወለደ፡ ኣደይ ሃንሱ፡ ብዘውሳኺ ይሕብራ። ብድሕሪ'ዚ፡ እዮብ ስመረ፡ ቅድሚ ወራር ወያነ 1998፡ ምስ ኣደ ደቁ ብምኳኑ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ፡ ኣብኡ ይቕመጥ ከምዝነበረ ሓበሬታ ረኺበን። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከኣ፡ ከም ኣውቲስታ ኢምባሲ ፈረንሳ ኣብ ኢትዮጵያ ኮይኑ ይሰርሕ ምንባሩ፡ ሰሚዐን። ናይ ወላዲት ነገር ኮይኑወን፡ ደሃይ ወላደን ካብ ምጥያቕ ዘይዓረፋ ኣደይ ሃንሱ፡ ወደን ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ጎንደር ከምዝቐየረ ኣጣዪቐን ፈሊጠን።

ኣደይ ሃንሱ፡ ደሃይ ወደን ክሳብ ቅድሚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ብሰቡ ሰብ ይረኽባ ከምዝነበራ'የን ኣዕሊለናና። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ውሑድ ዓመታት ግና፡ እቶም ሓበሬታ ዘምጽኡለን ዝነበሩ ሰባት'ውን ካብ'ዛ ዓዲ ስለ ዝወጹ፡ ደሃይ ወደን ዝሃብ ከምዘይብለን ይሕብራ። ኮይኑ ግና ኣብ ወደን ዘለወን ሻቕሎትን ናፍቖትን ምድፋእ ዕድመን ተወሲኹዎ ከኣ ህይወት ከቢዱወን ይርከብ።

ስለ'ዚ እምበኣር፡ ብሓገዝ ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስድራቤት ኣቢለን፡ ደሃይ ናይ'ቲ ካብአን ካብ ዝፍለ ልዕሊ 30 ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ወደን ክረኽባ ተጸዊዐን ኣለዋ'ሞ፡ ንእዮብ ስመረ ኣብርሃም ይፈልጦ እየ ወይ ብዛዕባኡ ሓበሬታ ኣለኒ ዝብል ምስ ዝርከብ፡ ከምቲ ልሙድ፡ ምትሕብባርኩም ከይወፍዩ ዝኻኽር። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ እትርከቡ ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብዛዕባ እዮብ ስመረ ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዝህልወኩም፡ ብቑጽሪታት ቴሌፎን 07725905 ወይ 116266 ደዊልኩም ክትሕብሩወን፡ ኣደይ ሃንሱ መሓሪ ብዘኽብሮት ደጸብያኹም ኣለዋ።

ንሕና'ውን ክቡራት ኣንበብቲ፡ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ንዝተጣፍኡ ስድራቤት ኣብ ምርኻብ እትገብርዎ ምትሕብባር፡ ሕጂ'ውን ክትቅጽሉ እናዘኻኸርና፡ ስለ ከቱ ደገፉትኩም ነመስግን።



እዮብ ስመረ ኣብርሃም

## ቁጥዐ ኣብ ስድራቤትን ሳዕቤናቱን!

ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዝህሉ ጥምረት፡ ኣብ ምዕባይ ባህርያት ውልቀ-ሰባት እቲ ዝዓየለን ዝተረረን'ዩ። ስለዝኾነ'ዩ ድማ፡ ስድራቤት ኣብ ኣባላታ ንእተሕድሮ እወታዊ ጽልዋ ንምርዳእ ዓመታት ዝወሰደ።

ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ፍቕርን ሰላምን ምርድዳእን ክህሉ መሰረታዊ ነገር'ዩ። ይኹን'ምበር ማዕረ ማዕረ'ዚ ኣብ መንጎ ኣባላት ናይ'ታ ስድራ ዘይምርድዳእ ኪጋጥም፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ክሳብ ምትሕርራቕ ክርአ ከምዝኽእል ተገንዚብካ ንኹሉ ድሉው ክትከውን ይግባእ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ግን ናብ ባእስን ምትህርራምን ከምርሕ ስለዘይብሉ፡ ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ የድሊ። ምኽንያቱ እንተደኣ ኣብ ባእስን ምትህርራምን ተበጺሑ፡ ህላወት እታ ስድራቤት ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ ማለት'ዩ። ቅልጡፍ ስጉምቲ ወሰድካ ክእለ ድማ ይግባእ።

ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዘጋጥም ዘይምርድዳእ እናገፍሐ ምስ ዝኸይድ ናብ ባእሲ፡ ምትህርራምን ዘይተደልየ ቁጥዐን'ዩ ዘምርሕ። እዚ ማለት ነታ ስድራ ዝመርሑዋ ኣቦን ኣደን ኑቲ ኣብ መንጎ ስድራቤቶም ዝርአ ዘሎ ዘይምርድዳእ ቀልጢፎም መዕለቢ እንተ ዘይገይሮሙሉ፡ እታ ስድራ ናይ ምርድዳእ ዓቕሚ እናተዳኸመ ስለዝኸይድ፡ ካብ ዓቕሞም ወጺኢ ክትከውንን ኣብ መውዳእታ ኣብ ሕማቕ ክትወድቕን ትኽእል። ስለዚ፡ ቀለስቲ ስድራ ዝኾኑ ኣቦን ኣደን፡ ሰላምን ፍቕርን ኣብ ምስፋን ንዘጋጥም ዘይምርድዳእ ኣባላት ስድራቤቶም ቅልጡፍ መዕለቢ ኣብ ምንዳይ፡ ዝለዓለ ተራ ከምዝለዎም ፈሊጦም፡ ሓላፍነቶም ክልዕሉ ኣለዎም። ወለዲ ሓላፍነቶም ኣልዒሎም ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤቶም ንዘጋጥም ቁጥዐ መዕረፊ ምስ ዘይገብሩሉ ግን፡ እቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዘጋጥም ሓድሕዳዊ ቁጥዐን ዘይምርድዳእን፡ ካብታ ስድራ ወጺኡ ኣብ ደገ (ምስ ካልኦት ሰባት) ከይተረፈ ጽልዋ ከሕድር ስለዝኽእል፡ ሳዕቤኑ ዝገደደ ይገብሮ።

ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዘይተፈትሐ ጸገምን ዘይምርድዳእን ድማ ደገ ክወጽእን ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ክጉዓዝን ግድን'ዩ። መፍትሒ ናይዚ ኩሉ ግና ኣቦን ኣደን ኑታ ዝመርሑዋ ስድራቤት ብኽብረታትን ሰምምዖን ባህሎም ከስኩሶም ክመርሑዋ'ዩ። ቁርበት ብርሒሱ ቈልዓ ብንኡሱ ዝብል ምስላ'ውን ነዚ ዝገልጽ'ዩ። ወለዲ ካብ ንእሽ ርእሶም ኣትሒዞም ፍቕርን ምክብባርን ከዘውትሩ፡ ንደቆም ድማ ከም ዕድመኦም፡ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምቕባብልን ምሂርም ከዕብዩዎም ኣለዎም። በዚ መገዲ'ዚ ተኸሲቱሉ ዝዓበየ ቈልዓን በዚ መገዲ'ዚ ተማእዚኑ ዝኸይድ ኣባል ስድራቤትን ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ዝደለዮ ደረጃ ዕብየት ክበጽሕን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰቡ ግቡእ ማሕበራዊ ክብርታቱ ከውሕስን ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ኣባላት ስድራቤት ቁጥዐ ምስ ዘጋጥም ግን ብኸመይ ኢና ንፈትሖን ንጸግሞን? ኑቲ ኣብ መንጎኦም ዝፈረሰ ዝምድናኸ ብኸመይ ንጽግኖ?

ቁጥዐ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዝምድናታት ዘጋጥም ዘውቱር ኣሉታዊ ባህርያት'ዩ። ቁጥዐ ንሓዋሩ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ሕማቕ ባህርያት'ዩ። ብርግጽ ድማ ክውገድ ዘለዎ'ዩ። ቁጥዐ ብዙሕ ግዜ ኣብቶም ዘይውሑስ ዝምድናታት ዘለዎም ስድራቤታት'ዩ ዝርአ። እዚ ከኣ ክፉት ምብህሃል ይገድድል'ሞ፡ ናይ ፍቕሪ ስምዒት ኣብ ትሕቲ'ቲ ዓመታት ዘቑጸረ ጓሂ ወይ ቅሬታ ተቐቢሩ ይተርፍ። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ዝምድናታት ዝነብሩ ስድራቤታት፡ ግዳይ ተሰኡ ምቕራጽ ክኸውን ብዛዕባ መጻኢኦም ክጠራጠሩን ግድን ይኸውን። እቲ ጸቡቕ ዜና ግን፡ ዘኾነ ዝምድና ግዳይ ቁጥዐ ዋላ ይኹን፡ ተስፋ ከይቆረጽካ፡ ምስ ክኢላታት እናተላዘብካ፡ ንምሕዋዩን ንምፍዋሱን ጻዕረታት ምክያድ'ዩ። ምስ ግዜ ድማ እቲ ጠንቂ ምፍራስ ዝምድናታት ዝኾነ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ዘጋጥም ቁጥዐ ካብ ሰሩ ተማሒዩ፡ እታ ስድራ ሰላምን ፍቕርን ክዓስላ ይኽእል። እዞም ዝስዕቡ፡ ኣብ ዝምድናታት ንዘጋጥም ቁጥዐ ብኸመይ ተውሒዶ (ትድርቶ) ዝሕግዙ ነጥብታት'የም።

1. ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ቁጥዐ ምስ ዝህልወካ ተቐዳዳምካ ንኩነታት ውሽጣዊ ስምዒትካ መርምር። ንርእሰኻ ድማ ንምንታይ'ዩ ቁጥዐ ዝሰምዓካ ዘሎ ኢልካ ሕተታ።

2. ቅድሚ ዝተጠቐዐ ወይ ዝተሃሰየ ኩይንካ ምስማዕካ፡ ዝሰምዓካ ጥርጣረ ንኻልኦት ሰባት ኣካፍል። በዚ ከኣ ካብ'ቲ ክመጽእ ከም ዝኽእል እትጸበዮ ሳዕቤን ቁጥዐ መህደሚ ክትረክብ ይሕግዘካ።

3. ንገዛእ ርእሰኻ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ዘለካ ጠመተ ሕጋዊ ወይ ቅቡል ምኳኑ ሕተታ።

4. ናይ ምብህሃል መስመራትካ ክፉት ግበር። ናይ ቅሬታ ወይ ሓዘን ስምዒታት ምስ ዝህልወካ፡ ብግቡእ ዘርዚርካ ምስ እትፍቅሮ ሰብ ኩይንካ ተላዘበሉ - መፍትሒ ክትረኽበሉ ኢኻ።

5. ምስቶም ኣብ ልዕሌኻ ቁጥዐ ዝፈጥሩ ወገናት ተሳትፎኻ ከመይ ከምዝሎ መርምር። ክስተኻኸል ዝግብኦ ነጥብታት ምስ እትረክብ ድማ ቀልጢፍካ ኣስተኻኽሎ።

6. ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤት ይኹን ምስ ካልኦት ውልቀሰባት ቁጥዐ ኪጋጥም ንብር ምኳኑ ተረዲእካ፡ ንዘፈጥረልካ ስምዒት ካብ ምቍጽጻርካ ወጻኢ ከይከውን ሓልዮን ተቘጻጸሮን።



### ስድራቤት ወይ መጻምዲ ናይ ቁጥዐ ጸገም ከምዘለዎም ብኸመይ ይፍለጥ?

ቁጡዓት ሰባት ዝበዝሐ ግዜ ቁጥዐኦም ናይ ምቍጽጻር ጸገም ከምዘለዎም ይፈልጡ'የም። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ቁጡዓት ሰባት ንቑጥዖኦም ከም ሓደ ክልወጥ ዘይክእል ኣካል ህይወቶም ስለዝቕጽሩዎ፡ ንምቕያሩ ተሰኡ ይቐርጹ። ስለዚ፡ ስድራቤትካ ወይ መጻምድኻ ናይ ቁጥዐ ጸገም ከምዘለዎም ትጥርጥር እንተኾንካ፡ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ተመልኪትካ'ሞ ከም መረጋገጺ ክጥቀሙኻ'የም።

1. ኣብ ሓደ ፊኲስ ጭንቀትን ሕርቃንን ካብ ንቡር ንላዕሊ ቁጡዕ ምኳኖም።

2. ብዛዕባ ዝተዛረብኮዮ ጉዳይ ገበኛ ስምዒት ምህላውን ወይ ብዛዕባ ዝበልኮዮ ነገር ጣዕሳ ምስምዓዎም።

3. ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ተደጋጋሚ ግጭት ምዝውታርን ኣብ ዘይተደልየ ማለት ክሳብ ሕጊ ምጥሓሱ፡ ምብኣሱ፡ ንብረት ምዕናው፡ ትምህርቲ ወይ ስራሕ ምብኳር ወዘተ ዝበጽሕ ሕርቃን ምዝውታር።

4. ስድራቤትካ ወይ ኣዕሩኽትኻ ድማ ቁጥዖኻ ክትቆጻጸር ከምዘለካ ምስ ዝሕብሩኻ።

ቁጥዐ ንምፍዋስ ሓገዝ ካበይ ይርከብ? - ቁጥዐ ክፍወስ ዝኽእል ማሕበራዊ ጸገም'ዩ። ከምቲ ቀስ ኢሉ ዝምዕበል ክፍወስ እንከሎ ድማ ቀስ ኢሉ'ዩ ዝፍወስ። ስለዚ፡ መጀመርያ ቁጥዐኻ ክትፍውስ እንተደሊኻ ካብ ኣባላት ስድራቤትካን ፈተውትኻን ዝውሰኾ ምኽሪን ማዕዳን ተቐበል። እቲ ምንታይ ምኽሪን ማዕዳን ፈተውትኻ ምቕባል መሰረታዊ መፍትሒ ቁጥዐ'ዩ። እዚ ዘይሰምዕ ግን ኣብ ሕማቕ ክወድቕ ግድን'ዩ።

# ዛዕባ ሎሚ

## ጽልዋ ዳግመ-ምምላስ ፕረዚደንት ትራምፕ ንሃገራት ኤውሮጳ

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ፕረዚደንት ትራምፕ ካልኣይ እብረ ስልጣኑ ካብ ዝጀምር ድሮ ኣዋርሕ ሓሊፉ ኣሎ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ማለት ካብ 2017 ክሳብ 2021 ተረርቲ ፖለሲታት ክኽተል ምስ ተራእየ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ ፍሉይ ቅዲ ብምንባሩ ንዓለምና ሓደሽ ክስተት እዩ ኮይኑዋ። ምስ ቻይና ዝነበረ ቁጠባዊ ኩናትን ምስሓብ ካብ ዓበይቲ ኣህጉራውያን ስምምዓትን ገለ ካብ ዓበይቲ ተርእዮታት ናይ ቀዳማይ እብረ ስልጣኑ እየም። እቲ ናይ ሽዑ ተርእዮ ንሓቐና ዓቕምን ምስልን ኣመሪካ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ዘጉልሑ ነተን ቀንዲ መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳ ዝፈተኑ ነተን ብምጽወታ ረድኤትን ልቓሕን ጸግዐተኛ ሃገራት ምዕራብ ዝኾና ሃገራት ዘሰናበደ ነይሩ።

ትራምፕ ናብ ካልኣይ እብረ ስልጣኑ ንክምለስ ዝነበሮም ከበድቲ ፈተነታትን ሸርሕታትን መርኣያ ተቓውሞ ናይቲ ኣብ ቀዳማይ እብረ ዘተኽተሎ ፍሉይ ቅዲ ኣብ ፖሊሲ ኣመሪካ ኮይኑ፡ ደገሙ ንኸይክሰት ንምዕንቃፍ ምንባሩ ብዙሓት ተንተንቲ ይገልጹ። ዋላ’ኳ ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ቀዋምን ዘይቅየርን ተባሂሉ ዝግለጽ እንተኾነ፡ ካብቲ ንበር ኣተዓዳ ወጻኢ ተራእዩ ዘይፈልጥ ኣንፈት’ዩ ህዝቢ ዓለም ተዓዚቡ። ከምዚ ዓይነት ውሳኔታት ድማ ኑቶም ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ንፖለሲታት ኣመሪካ ሰብ ስቴርሶ ኮይኖም ናብ ድሌታቶም ዝጠዋውዩዎ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ነቲ ሓያል መርበቦም ዝፈታተን እዩ። ኣብ እዋን ምርጫ ኣብ ልዕሊ ትራምፕ ዝተገብረ ፈተነ ቅትለትን ካልእ ናይ ምፅንቃጽ ተግባራትን ኣመሪካ ከምቲ በጺሒዮ እትብሎ ደረጃ ጸጥታዊ፡ ፖለቲካውን ቁጠባዊን ምዕባለታት ከምዘይተኮት ኢያ ተቓሊዑ። ካብዚን ንላ ትዋረዘረለን ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ዘይሓይሸ ፖለቲካዊ ባህልን ጸጥታዊ ትካላትን ከምዝለዋ ዘቃልዐ ፍጻመ ድማ እዩ ነይሩ።

ቀዳማይ እብረ ዘበነ ስልጣን ትራምፕ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ምስ ሩሲያ ኣብ ኩሉ መዳያት ብፍላይ፡ ኣብ ቁጠባ ጸቡቕ ዝኾነ ዝምድናታት ንምምስራት ዝሓሸ ባይታ ፈጢረናሉ ዝነበራ እዋን እዩ። ምኽንያቱ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ነቲ ኣመሪካ ኣውሓሲትን ሓላዊትን ኤውሮጳ ካብ ኩሉ ዓይነት ስግኣታት ሩሲያ ንምምሳል ተኸሊቶ ዝነበረት ናይ ጽልኢ መጋረጃ ዕርቃኑ ኣውጺእዎ እዩ። ሃገራት ኤውሮጳ ብጊደኣን ነቲ ኣመሪካ ንኣታ ረብሓን ዕብለላን ክትብል ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ነኣ ኣብ እዋን ዝሑል ኩናት፡ ንሩሲያ ከም ቀንዲ ስግኣት ኣምሲላ ዝፈጠረቶ ግጉይ ስእሊ ክቕሕላ ጀሚረን ነይረን። እንተኾነ፡ ምስ ምምጻእ ፕረዚደንት ባይደን፡ ኣብ ድሌታት ፖለሲ ኣመሪካ ንኽስዕራ ኣብ ኩናት ዩክሬይን ጸግዒ ኣመሪካ ብምሓዙ ነቲ ምስ ሩሲያ ከማዕብላኦ ጀሚረን ዝነበራ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ሃዶሽዶሽ ስለዝበላኦ ኣብ ዘይወጽኣ ቁጠባውን ፖለቲካዊን መዋጥር ኣትየን ይርከባ።

እዚ ካልኣይ እብረ ስልጣን ትራምፕ ንሃገራት ኤውሮጳ መዝጸርር እዩ ኮይኑወን። እቲ ዝዓበየ ጸገም፡ እቲ ብድርኺት ምምሕዳር ባይደን ዝኣተውኦ ኩናት ዩክሬይን እዩ። ትራምፕ ኣብ ጉዳይ ዩክሬይንን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክን (NATO) ዝተኸተሎ ፖለሲ፡ ባዕልኻ መሪሕ ኮይንካ ኣብ ጸድፊ በጺሕካ ኑበሽካ ጥራይ ምውጻእ ዝዓይነቱ ጥልመት እዩ ኮይኑወን። ሃገራት ኤውሮጳ መኻዚኖታት ኣጽዋረን ክሳብ ዝጉሕጕሕ እየን ንዩክሬይን ክሕግዛኣ ጸኒሐን። እዚ ኩሉ ገይረን ከብቅዓ፡ ትራምፕ ጉዳይ ዩክሬይን ብሰላም ንምፍታሕ ኣብ ዝወሰደ ርክባት፡ ሃገራት ኤውሮጳ ከምዝይሳተፉ ምግባሩ ኣብ ዓቕሊ ጸበት እዩ ሸሚሙወን። ብዘወሳኺ፡ ምስሓብ ኣመሪካ ካብ ዓበይቲ ስምምዓት ዓለም፡ ከምኡ’ውን ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ዘይንቡር ቁጠባዊ ፖለሲ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ምስ ምምሕዳራት ኣመሪካ ሰሚረን ክኸዳኣ ዝጸንሓ መገዲ ናብ ድንጋር ጉዳና ብምእታው፡ ኣብ ወሽጣውን ኣህጉራውን ጉዳያት ሕንፍሽፍሽ ኣኸቲሉለን ከም ዝርከብ ተንተንቲ ዓለማዊ ፖለቲካ ይገልጹ።

ከምዝፍለጥ ሃገራት ምዕራብ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኽቢታተን ንኩናት ሩሲያን ዩክሬይንን፡ ቅልውላው ዩክሬይን ከምኡ’ውን ወረር ሩሲያን ካልኦት ሰያመታትን ብምሃብ፡ ነቲ ኩነታት ከጋብድብዳኦ ጸኒሐን እየን። እዚ ሕጂ ብዘብዮኦ ትራምፕ ጀሚሩ ዘሎ ማስርሕ ሰላም ዘዋዝዶ ነገር እንተሎ ከኣ፡ እቲ ኩናት ኣብ መንጎ ሩሲያን ዩክሬይንን ዘይኮነስ፡ ኣብ መንጎ ሩሲያን ኣመሪካን ምንባሩ እዩ። ኩናት ዩክሬይን ኣብ ምዕራባን ምስዋርን ዝለዓለ ተራ ክጻወታ ዝጸንሓ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ሕጂ እውን እንተኾነ ንዩክሬይን በልዮናት ዶላራት ዘዋጋኡ ኣጽዋር ካብ ምሕጋዝ ኣይተዓግታን ዘለዋ።

እዚ ናይ ቀበጸ ተሰፋ ዝመስል ጸወታ፡ ነታ ኣቐዲማ ግዳይ ዝኾነት ዩክሬይን ሓደ ኣፉ ገጽሽል ገይርካ ንሩሲያ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ምንጻልን ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቁጠባውን ዓቕማ ምውዳቕን’ዩ። ይኹን’ምበር ከም ሳዕቤን ናይቲ ኩናት ብኩሉ መዳያት ግዳይ ኮይነን ዝርከባ ሃገራት ኤውሮጳ እየን። ነቲ ኩሉ መዳያዊ ዓቕመን ከበርክታሉ ዝጸንሓ ኩናት ዩክሬይን ካብ ፕረዚደንት ትራምፕ ምስጋናን ሞጎን ብዘይምርካበን ድማ ኣብ ከቢድ ፖለቲካዊ ቀውሲ ኣትየን ይርከባ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኣብ መወዳእታ ለካቲት 2025 ናብ ኣመሪካ ምብጻሕ ኣብ ዝገበሮ እዋን፡ ብፕረዚደንት ትራምፕ ከቢድ ወቐሳን ዘለፋን ምስ ወረዶ፡ መጸናንዕን መደዓዓስን ገለ ሓገዛትን ንምርካብ ብቕጽበት ናብ ሃገራት ኤውሮጳ’ዩ ኣምሪሑ። እንተኾነ ዘለንስኪ ካብ ሃገራት ኤውሮጳ ከምቲ ዝደለዮ ዝረብሕ ሓገዛት ክረክብ ኣይከኣለን። በዚ ድማ ምስ ፕረዚደንት ትራምፕ ንኻልኣይ ግዜ ናይ ተለፎን ርክብ ብምክያድ፡ ምስ ሩሲያ ናይ ሓደ ወርሒ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክኽትም ፍቓደኛ ምዃኑ ኣፍሊጡ። እዚ ናይ ሓደ ወርሒ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ዩክሬይን ነቲ ተዳኺሙ ዝጸንሐ ሰራዊታ ዳግም ንምውዳብን ካብ ሃገራት ኤውሮጳ ወተሃደራዊ ሓገዛት ንምርካብን ዕድል ክህባ ከምዝኽእል ትንተና ይቐርበሉ እኳ፡ እንተኾነ ከምጽኦ ዝኽእል ማሰረታዊ ለውጢ ግን ክሀሉ ኣይክእልን።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ዘለንስኪ ብዋጋ ህዝቢ ዩክሬይን ንሳልሳይ ኩናት ዓለም ይቕስቅስ ከምዘሎ ብምግላጽ ተሓታቲ ናይቲ ኩናት ምዃኑ እዩ ኣብ ክፉት መድረኽ ወቒሱዎ። ፕረዚደንት ትራምፕ ብዘወሳኺ፡ ኣምሳያ ናይቲ ኣመሪካ ንዩክሬይን ዝሃበቶ ገዚፍ ሓገዝ፡ እታ ሃገር ካብቲ ዘለዋ ባህርያዊ ጸጋ ማዕድናት 50% ንኣመሪካ ክትህብ ምስ ሩሲያ ዘሎ ወጥሪ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክፈትሖን ጠለብ ኣቕሪቡሉ። ካብዚ ክንርድኦ እንኽእል ነገር እንተሎ፡ ኣብ ፖለቲካ ምዕራብ ናጻ ምሳሕ ዝበሃል ከምዘየለ’ዩ። እዛ ብኹሉ መዳይ ገጽሽል ኮይና እትርከብ ዩክሬይን ንሱ ከይኣኽላ ሕጂ ድማ ፍርቂ ካብ ማዕድናታ ከይዛትት ካብ ኣመሪካ ሓገዝ ዝበሃል ከማዝይትረኽበ’ዩ ትራምፕ ዝሕብር ዘሎ።

ዘለንስኪ ንጠለባት ትራምፕ ምስ ዝቕበሎ፡ እቲ ውሳኔ ንዝምድና ሩሲያን ኣመሪካን ብኣሉታ ከይጸለዎ ከም ዘይተርፍ እያም ዝተፈላለዩ መራኸቢ ብዙሓን ዝሕብሩ። ሩሲያ እቲ ኩናት ደው ክብል እውን እንተደለየት ኣብ ዩክሬይን ዘሎ ጸጋታት ብሃገራት ምዕራብ ክምዝመዘን ክቡላትን ትድግፎ ኣይኮነትን። እዚ ዝሰይድ ዘሎ መስርሕ ኣብ ግብሪ እንተወዓለ ኩባንያታት ኣመሪካ ኣብ ዩክሬይን ከምድልየተን ዝሰንድሩሉ ባይታ ክረኽብ እየን። ምስዚን ኩባንያታት ዕዳና ሰዒቡ ክመጽእ ዝኽእል ሽርሕታትን ምትእትታዋትን ድማ ንሩሲያ ካልእ ስግኣት ከይኮኖ ከምዝይተርፍ እያም ምስዚ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ፖለቲካ ዝገልጹ ዘለው። ስለዚ፡ ሩሲያ ንጠለባት ፕረዚደንት ትራምፕ ንሃገራዊ ድሕነታ ስግኣት ገይራ ክትርእዮ ትኽእል ኢያ። ዋላ’ኳ ትራምፕ ንመስርሕ ሰላም ኩናት ዩክሬይን ክፈትሕ ይጃዓ እንተሎ፡ እቲ ንዩክሬይን ዘቕረቦ ጠለብ ግን ንሩሲያ ቅሳነት ዝህብ ኣይመስልን።

በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ብኣንጻር ናይዚ ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ፖለሲ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ካብቲ ኣብ ግዜ ቀዳማይ እብረ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝነበረን ኣተዓዳ ኣገዳሲ ዝተፈለየ መልክዕ እየን ዝኽተላ ዘለዋ። ኣብቲ ቀዳማይ እብረ ብሸንኺ ትራምፕ ዝኽተሎ ዝነበረ ኣካይዳ ምስ ሩሲያ ዝነበረን ቁጠባዊ ዝምድና ናብ ዝበረኸ ደረጃ ኣብጺሐናኦ ብምንባረን፡ ኣብ ኤውሮጳ ዝሓሸ ናይ ሰላም ሃዋህው ተፈጢሩ ምንባሩ ይፍለጥ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን ብኣንጻሩ ኑቲ ካብ ሩሲያ ዝነበረን ስግኣት መሊሰን የጕህራኦ እየን ዘለዋ። ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኩናት ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ሓቢረን ኣንጻር ሩሲያ ይሰርሓ ከምዝነበራ፡ ኣብዚ እዋንዚ ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ድሕሪ ምኽታም ካልኣይ ኩናት ዓለም ምስ ኣመሪካ ጠሚሩ ኣሲሩወን ዝጸንሐ ገመድ ክበትካ ብምፍታነ፡ ኣብ ዓለምና ካልእ ሓደሽ ናይ ታሪኽ ምዕራፍ ክኸሰት ይኽእል እዩ ዝብል ግምት ተንተንቲ ፖለቲካ ኣሎ። ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ወተሃደራዊ ሓይለን ንምድንፋዕ ልዑል ባጀት ንምስላዕ ይጽዕራ እየን ዘለዋ። ኩናት ዩክሬይን ክቕጽል ብምድላይ ከኣ ዘለወን ዓቕሚ ክሳብ ዝጸንቀቕ ክሕግዛኣ እየን ዝፍትና ዘለዋ።

ብሓፈሻ ሃገራት ኤውሮጳ ዝኽተልኦ ዘለዋ ኣተዓዳ ካብ ጸግዕን ሓለዋን ኣመሪካ ክናግፈን ከምዝኽእል ገለ ተንተንቲ ይገልጹ እየም። እዚ ይኹን እምበር እቲ ኣንጻር ሩሲያ ዝቐንዐ ኣካይዳን ኣረኣእያን ምስ ዘይቋርጻኦ ሳዕቤኑ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣመሪካ ካብ እዋን ዝሑል ኩናት ጀሚራ ብጉልባብ ምውሓስ ጸጥታን ድሕነትን ኤውሮጳ ካብ ስግኣት ሩሲያ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ትሕቲ ዑቕባን ሓለዋን ኣመሪካ ንኽወድቃ እያ ሰሪሓ። ፕረዚደንት ትራምፕ ግና ኣመሪካ ፖለስ ሃገራት ኤውሮጳ ኮይና ዘይተኣደነ ባጀት እናሰለዐት እትኸደሉ እዋን ከብቕዕ ኣለዎ ስለዝበለ፡ ዝ. ርቡጽ ውሳኔታት ክወስዳ ኣገዲዱወን ይርከብ።

ብርግጽ ግን ሩሲያ ንሃገራት ኤውሮጳ ስግኣት ድያ? ሩሲያ ንሃገራት ኤውሮጳ ናይ ብሓቂ ስግኣት ከም ዘይኮነት እኳ ድኣ ምስ ሩሲያ ሓቢረን ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበራ እዋን ቁጠባኣን ዝያዳ ከምዝዓበየ ሰላመን ዝያዳ ውሑስ ክኸውን ክኢሉ ከምዝነበረ ብግብሪ ዝተራእየ እዩ። ንሩሲያ ከም ስግኣት ብምውሳድ ክፈጥርኦ ዝኽእላ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሓይሊ ከምዝዳለ ድማ ትንታነታት ይቐርብ እዩ። ሓያሎ ነቲ ጉዳይ ዝከታተሉ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ጉዳይ ዩክሬይን ብሰላም ክዓርፈሉ ዝኽእል መፍትሒ ብምንዳይ ጥራይ’የን ካብቲ ኣትየንኦ ዝርከባ ዓዘቅቲ ክናገፉ ዝኽእላ ዝብል ርእይቶ ኣለዎም።

ብኣጠቓላሊ፡ ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ፖለሲ፡ ረብሓ ኣመሪካ ቀዳምነት ዝሃበ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነት ሃገራት ኤውሮጳ ዝ. ዕድል’ዚ. ተጠቒመን ምስ ሩሲያ ዘጸንሐን ዝምድና ከመሓይሻ ዝሓሸ መገዲ ምዃኑ ብዙሓት ዝዘርብሉ እዩ። በዚ ሐዘናኦ ዘለዋ ኣተዓዳ ግን ምስ ሩሲያ ናብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ከምርሓ ከምዝኽእላ እያም ተንተንቲ ፖለቲካ ዝዕምቱ። እዚ ድማ ነቲ ኣብ መንጎ ሩሲያን ዩክሬይንን ተፈጢሩ ዝጸንሐ ወጥሪ ኣንፈቱ ቀይሩ፡ ብዩረጃ ኣህጉር ናብ ዝዕኣሰ ደማዊ ኩናት ክቕይሮ ይኽእል እዩ። ሃገራት ኤውሮጳ ዝ. ኩነታት ብዝዮኦ ምስዝዩ ፈትሐኦ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ታሪኸን ገጢሙወን ዘይፈልጥ ሓደጋ ከይመጽኣን ዘየጽእ እዩ።

እቲ ቀንዲን ሕቡእን ዕላማ ኣመሪካ ንሃገራት ኤውሮጳን ሩሲያን ኣብ ከቢድ ወጥሪ ከምዝኣትዋ ብምግባር፡ ብናተን ዋጋ ዕብለላኣን ሓይላን ምርግጋጽ ምዃኑ ዝገልጹ ኣለው። ሃገራት ኤውሮጳ ከኣ ኣብ ክንዲ ምስ ሩሲያ ዘለወን ዝምድና ኣይልዓለን ስግኣታተን ዝኣልዩ፡ ኣብ ምስዕሬን ምትግባርን ፖለሲታት ኣመሪካ ተጸሚደን እየን ጸኒሐን። ከም ሳዕቤኑ ድማ ድሕሪ ምውላዕ ኩናት ዩክሬይን ኣብ ዘይወጽኣኦ ቁጠባዊን ጸጥታውን ቅልውላው ተሸሚመን ይርከባ። ሕጂ እውን ብዘዮኦ ሕሉፍ ታሪኸን ንምግማን ፖለሲታተን ምስ ዘይቅይራ፡ ኣብ ከቢድ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊ፡ ድሕነታዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን መዋጥር ክሸመማ ከምዝኽእላ እያም ተንተንቲ ዝገልጹ።





ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# "ሳላ ሕርሻዊ ልምዓት ገርሰት፡ ጥጡሕ ናብራ ንመርሕ ኣሎና " ነበርቲ ገርሰት

ስእሊ፦ ኣቤል በረኸት



ወይዘሮ ንግስቲ ረዳእ

እቶም ዝዓበዩ ክፋሎም ብጉልበት ዝዕየዩ ክፋላት ፕሮጀክት ሕርሻ ኮርፖረሽን ዘራእቲን ጥሪትን ኤርትራ፡ ዕዙዝ ተሳትፎ ነበርቲ ናይ'ቶም ከባቢታት ተወሲኽዎ እዩ ዝሰላሰል፡፡ እዚ ኸኣ ኣብ ግዜ ስራሕ፡ ኣብቶም ፕሮጀክትታት ሕርሻ ናይ'ቲ ኮርፖረሽን ዘወር ምስ በልካ'ዩ ዚያዳ ዝንጸረልካ፡፡

ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት ካብ ዓበይቲ ሃገራውያን ልምዓት ሃገርና ሓደ እዩ፡፡ እዚ ፕሮጀክት ንወገን ምዕራብ እታ ዓዲ



መንእሰይ ሴም ሃብቶም

(ገርሰት) ተደኲኑ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ሰፊሕ መሬት ብዘበዓይነቶም ኣግራብ ፍረታት፡ ኣሕምልቲን ካልእን ለሚው ደርኡ፡፡ ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት ብስም እታ ዓዲ እዩ ዝጽዋዕ፡፡

እታ ዓዲ፡ ኣብ ሰፊሕን ሰጥ ዝበለ ሌጣ ጉልጉልን ዝተደኰነት - ንጽሒሉ ባህ ዘብሉ - ብዘይካ ኣጒዱ ብኻልእ ዝተሰርሑ ጉዛውቲ (ኣባይቲ) ዘይትርእየላ ዓዲ እያ፡፡ ብሕልፊ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ኴንካ ክትዕዘብ እንከለኻ፡ እቶም ኣጒዱ ምስ መሬት ለገቦም ዝፈልጡ ጉላ'ምባር፡ ሰብ ዝነበሮም ካብ መሬት ክነብ ኢሎም ዝተሃንጹን ብሳዕሪ ዝተሰርሑን ኣባይቲ ኣይመስሉን እዮም፡፡

እዚ ዝበለጸ ትርኢት፡ ንግሆን ኣብ እዋን እቶ-እቶን ተወዛዊዛሕ ዝበል ምንቅስቓስ ነበርታን ጥሪት'ታ ዓድን እዩ፡፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ፡ ብሕልፊ ኣብ እዋን ዕረርቦ ጸሓይ፡ ኣእዛን ሰማዒን ኣዒንቲ ተዓዛቢን ዘማስጥ፡ ጫቓ-ጫቓ ወሪሮም ዝወዓሉ ቈልዓ ሰበይቲ፡ ሓሕእምባሕ ደምጺ ከብቲ፡ ህላ ኣእዱግ፡ በበዓይነቱ ቅኒት ደምጺ ጤለበጊዕ ወዘተ፡ ኑታ ዓዲ ፍሉይ ጸባቕ፡ ንምኡዝ ህይወት ነበርታ ዞህድ (ዘንጸባርቕ) ፍሉይ ጺጋ እዩ፡፡

ዝጠዝሉ ነበርቲ ገርሰት፡ ብሰናይ ድሌቶም ኣብ 2001 ካብ ሱዳን ስድራኦም ጠርኒፎም ናብ ሃገሮም ብምእታው፡ ኣብታ ዓዲ ጥሽኦም ዞጣየሱ እዮም፡፡ መንግስቲ ድማ፡ ኣገልግሎት ቀረብ ዝስተ ማይን ንፍሲ-ወከፍ ስድራ ክልተ ሄክታር ዝሕረስ መሬትን ኣዋዲዱ'ዩ ተቐቢልዎም፡፡ ምስ ምህናጽ ዲጋ ገርሰት፡ ከምዚ ሎሚ ማይ ኣብ ኣፍደገኦም ብሻብሻ ክብል ከይጀመረ፡ ዝተዋደደሎም ቀረብ ማይ እኹል ኣይነበረን፡፡ ስለ ዝኾነ፡ ንኣብኦምን ጥሪቶምን ዝስተ ማይ ንምርካብ ነዊሕ ክገዓዙ ዝግደዱሉ፡ ኣረ ከምኡ ገይሮም እውን እኹል ማይ ዘይረኽብሉ እዋን ምንባሩ ድማ ይዝከሩ፡፡ ነበርቲ ንነዊሕ ዓመታት ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ድሕሪ ምንባሮም፡ መስርሕ ህንጻት ዲጋ ገርሰት ተበጊሱ፡፡ ማዕረ-ማዕረኡ፡ መንግስቲ ሰፊሕ መደባት ልምዓት ኣብቲ ከባቢ ሓንጺጹን ንስራሕ ክበጊሱን፡፡ እቲ ናይ ልምዓት መደብ ነበርቲ'ቲ ከባቢ ሰራሑም ድራር ዕለቶም ዝረኽብሉ ኩይኑ ክቕጽል እውን መምርሒ ኣውጺኡ፡፡

ወይዘሮ ኣልጋይሽ መብራህቱ፡ ወይዘሮ ንግስቲ ረዳእን ሴም ሃብቶምን ካብቶም ኣብ ዕመር ፕሮጀክት ሕርሻ ኣትክልቲ ፍረታታት ገርሰት፡ ምህርቲ ማእኸሰ ኣብ ምእካብ ተዋፊሮም ዝረኸብናዮም ነበርቲ ገርሰት እዮም፡፡

ወይዘሮ ኣልጋይሽን ወይዘሮ ንግስቲ ረዳእን ሰብ ሓዳር ኩይነን፡ ናይ ክልቲኣን ሰበኡት ኣቦት ሓደሊታት ምክልኻል እዮም፡፡ ወይዘሮ ንግስቲ ኣደ 5 ደቂ እያ፡፡ ወይዘሮ ኣልጋይሽ ካብ ቅድሚ 4 ዓመት ጀሚራ ኣብ መንበ ብስራሕ ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት ትሳጥፍ ዘላ ኣደ እያ፡፡ ድሕረባይታ ህይወት ክልቲኣን ስድራ ተመሳሳሊ እዩ፡፡ ኣብዚ ሕጂ ዘለዋኦ ገርሰት ተጣይሰን ቅድሚ ምስራተን፡ ኣብ ወዲ-ሸሪፈይ ሱዳን'የን ዝነበራ ነይረን፡፡ ዓድኻ እቶ ምስ ኩነ ኾኣ፡ ምስ ብዙሓት ከምኣን ኤርትራውያን ስድራቤታት፡ ኣብ 2001 ናብ ሃገረን ተመሊሰን ኣብ ገርሰት ክቕመጣ ጀሚረን፡፡ እዘን ስድራ ተቐማጦ ገርሰት ካብ ዝሰፍራ፡ ድሮ ርብዒ ዘመን ኩይኑ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ካብ ሱዳን ናብ ሃገረን ተመሊሰን ኣብ ገርሰት ናብራኣን ዘጣየሳ ስድራ-ቤታት፡ ዝበረን ዘይብለን ዝጠዙላ ዳርጋ ጥራይ ኢደን ዝመጽኣ እየን ነይረን፡፡ ገርሰት ክኣ ዋላ ሓደ ነገር ዘይትርእየሉን ዘይትረኽበሉን ህርሩማን በረኻን እዩ ጸኒሑወን፡፡ መንግስቲ ግን መትሓዚ እምኑመሪት ዝኾነ ካብ ዝበሎ፡ ከምቲ ክበ ኣሉ ዝተጠቕሰ ኣገልግሎት ቀረብ ዝስተ ማይን ንፍሲ-ወከፍ ስድራ ክልተ ሄክታር ዝሕረስ መሬትን ከምዝህልዋ ገይሩ፡፡

"ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ብደረጃ ሃገር ልዑል ጠመተ ዝወሃቦ ሰፊሕ መደባት ልምዓት ዝቶየደሉ ኣብ ዘሎ ቦታ ኢኹም ትነብሩ ዘለኹም፡፡ ኣብዚ ትነብሩ ምህላውኩም፡ 'ረቢሕናሉ እትብልኦ እንታይ ኣሎ?'" ክንብል ተወከስናየን ነይርና፡፡

ንሰን "ከማና ዝረብሐሽ ኣሎዶ ትብል! እዚ ኣብዚ ከባቢ ዘሎ ልምዓት፡ ንሕና ኢሉ ዝተጀመረ ኩይኑ'ዩ ዝስማዓና! መንግስቲ እኮ ዝበላዕና ዝሰተና ኩሉ ኣብ ኣፍደገና'ዩ ቀሪቡልና፡፡ ካብዚ ንላዕሊ እንደልዮ ዋላ ሓደ ነገር የለን፡፡ መንግስቲ ኣብ ገርሰትን ከባቢኣን ዝነብር ህዝቢ፡ ኩሉ በበዓቕሙ ክነብር ሰፊሕ ዕድላት ስራሕ ፈጢሩልና፡፡ 'ክሰርሕ'የ' ዝበለ ክልኣሊ የብሉን፡፡ በዚ ምኽንያት ኣብ ገዝኡ ዝወዕል ደዕበ ይንኣስ ዓዲ ወዓል የለን፡፡ ኩሉ ወፊሩ ድራር ዕለቱ ሓዚ ገዝኡ ዝኣቱ እዩ፡፡ ብኸምዚ ድማ ደቕና ኣምሂርና ኣብ ዝበጽሕ ኣብጺሕና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ናብራና'ውን ጸገም ናይ መተዓብርኦ የብልናን" ብምባል ገሊጸናልና፡፡

ብወገኑ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝተዓዘብናዮ እንተ ነይሩ 12 ዝዕድመኦም ክይተረፉ ብዕድመ ምስ ካብኦም ዝዓበዩ ሓቢሮም ክሰርሑ ጸኒሖምና፡፡ ብዘዕባ'ቲ ዝነይድዎ ዕማም ከዕልሉና እውን ንሓደ ካብኦም ተወከስናዮ፡፡ ንሱ፡ ሴም ሃብቶም እዩ ዝበሃል፡፡ ሴም ወዲ 15 ዓመት ተማሃራይ 6ይ ክፍሊ እዩ፡፡ ካብ'ታ 5 ደቂ ዝፈረየት ስድራኡ ሓደ ኩይኑ፡ ኣብ ገርሰት'ዩ ተወሊዱን ዓብዩን፡፡ ንጥፈታት ፕሮጀክት ሕርሻ ፍረታት ገርሰት ክንዕዘብ ናብቲ ቦታ ሕርሻ ዘወር ኣብ ዝበልናሉ፡ ሴም ምስ ሓወን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ኣወዳትን ኣዋልድን መዛኑታቱ ኣብ ሓያል ስራሕ ምእራይ ማንጎስ ኢና ረኺብናዮም፡፡ መጀመርታ፡ ስድራ ሴም ከም ዝጠዙላ ካብ ሱዳን ናብ ሃገረን ኣትየን ኣብ ገርሰት ዝተቐመጠት እዩ ማሰልና ነይሩ፡፡ እቲ ሓቂ ንሱ ዘይኮኑ፡ እታ ስድራ ናብርኣ ንምምሕያሽ ካብ ሕንብርቲ ናብ ገርሰት ዝወረደት ምኻና ካብ ዕላል ሴም ተረዲእና፡፡ ቀጺልና፡ "ስራሕን ትምህርትን መዓስን ብኸመይን ተሳኽዖም?" ንኩተትየ ሴም ተወከስናዮ፡፡ ካብ ትምህርቲ ናጻ ኣብ ዝኾኑሉ፡ ንሱ ጥራይ ዘይኮኑ ብዙሓት መዛኑታቱ ትርፊ ግዜኦም ኣብ ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት እናሰርሑ ስድራኦም ከም ዝሕግዙን ዘበርዩን ድማ ገሊጹልና፡፡

ከም ኣገላልጻ ኩሎም'ቶም ኣብ ሕርሻ ገርሰት ረኺብና ዘዘራረብናዮም ነበርቲ፡ ኣብ ፊለማ ኣብታ ዓዲ ክነብሩ ኣብ ዝጀመሩሉ፡ ዝሰፍሓ እቲ ከባቢ ሰብ ዘይብሉ ጸምጸም ዝበለ በረኻ ከም ዝጸንሖም እዮም ገሊጾምልና፡፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን እታ ዓዲ ብዘኩበራ ኣማኢት ዝቖጻር ህዝቢ፡ ኣብ ከባቢኣ ብዘለዉ መብቑላውያን ኣግራብን ብፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት እተተኽሉ በበዓይነቶም ኣግራብን ፍረታትን ገሪሙ ናብ ዕመር ከባቢ ተቐይራ ትርከብ፡፡

ኣብ ስራሕ ፕሮጀክት ሕርሻ ገርሰት፡ ጸታን ዕድመን ብዘይ ኣፈላላይ ብማዕረ ይሰርሕ፡ ውዕሎት ጻማኡ ድማ ብማዕረ ይኸፈል፡፡ ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ዝጠዙሉ ነበርቲ ገርሰትን ከባቢኣን፡ ወርሓዊ 500 ናቕፋን ፍርቂ ኩንታል እኽሊን እናተኸፍሉ ዳርጋ ማዕረ'ቶም ኣብ ክረምቲ ሓሪሶም እቶት ዝሓፍሱ፡ ስራሖም እናተኸፍሉ ናብራኦም ብጽቡቕ ከም ዝመርሑ ተረዲእና፡፡ ንመብርሂ ናይ'ቶም ዘዘራረብናዮም ምርኩስ ብምግባር፡ ሓንቲ ስድራ ከም ዓቕማን ብዝሒ ስድራኣን ኣብቲ ስራሕ ክትሳተፍ ትኽእል፡፡ ብመንጽር ዘሳተፈቶም ኣባላታ ድማ ትኽፈል፡፡ ንኣብነት 5 ዝኣባላታ ስድራ ኣብ ስራሕ እንተ ደኣ ተዋፊራ፡ ድምር ወጽኢት ናይ ሓሙሸኦም ኣባላታ ኣብ ወርሒ 2,500 ናቕፋን 2 ኩንታልን ፈረቓን እኽሊን ተእቱ፡፡ እዚ መጠን ብዓይኒ ረብሓ ሓንቲ ስድራ ኣኽሉ ዝተርፍ እቶት እዩ፡፡


ሰዓታት ስራሕ ናይ'ቶም ነበርቲ ንግሆ ሰዓት 6፡00 ወፊሮም ሰዓት 11፡00 ይፍደሱ፡፡ ድሕሪ ቐትሪ ከኣ ሰዓት 3፡00 ወፊሮም ሰዓት 6፡00 ይፍደሱ፡፡ ተፈዲሶም ገዝኦም ክኸዱ እንከለዉ ሳዕሪ ንጥራዩም፡



ወይዘሮ ኣልጋሽ መብራህቱ

እቲ ስራሕ ኣብ ግዜ ምሕፋስ ምህርቲ ምስ ዝኸውን ከኣ፡ መእተዊ ገዛ ካብቲ ክእክብዎ ዝወዓሉ ፍርያት ይማልኡ፡፡ ጉዕዞ ካብን ናብን ቤቶምን ቦታ ስራሖምን ብእግሪ ዘሕሕ ምባል የለን - ብመኪና እዩ፡፡

ገርሰት ብፕዝዙብካ ድላይካ ትረኽበሉ ጺጋ እዩ - ብመሰረት መግለጺ'ቶም ነበርቲ፡፡ ኣብ መውዳእታ፡ ኣብ እዋን ማሕረሰን ምእካብ ምህርትን፡ ብርትዓዊ ዋጋ - ንሰዓት ብሕሳብ 300 ናቕፋ፡ ብኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ፕሮጀክት ሕርሻታት ደብባዊ ምዕራብ ዞባ ጋሽ ባርካ ናይ ትራክተራት ደገፍ ከም ዝግበረሎም፡ እዚ ድማ ከም ዓቢ ዕድልን ጺጋን ከም ዝርእይዎ ዘዘራረብናዮም ነበርቲ ገርሰት ገሊጾምልና፡፡



ገርሰት

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | ደሃይ ኮለኛት |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | ዕላል ምስ ተመራማሪን ጸሓፍን ተኪኤ ተሰፋይ |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ጉጅለ ባህሊ ሜራስ (1ይ ክፋል) |
| 14፡25 | ተክኢንሳይት |
| 15፡00 | መኣዛዊ መዝሊ (1ይ ክፋል) |
| 15፡15 | ጉጅለ ባህሊ ሜራስ (2ይ ክፋል) |
| 15፡55 | መኣዛዊ መዝሊ (2ይ ክፋል) |
| 16፡20 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ጸባቕ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡40 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19፡10 | ፊዮሪና |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | ዕላል ምስ ተዋሳኣቲ ፊልም ዕርፊ |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡15 | ቁላሕታ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22፡40 | እትመት ሰትተም |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቢንያም፡ ገና ዓወት የናዲ



ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ቤልጅዩም ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር መበል 17 ኣትዩ፡፡

እዚ 'ደዋርስ ዱር ቭላንደረን' ተባሂሉ ዝጽዋዕን ንመበል 79 ግዜኡ ዝተሰላሰለን ውድድር፡ ትማሊ 184.2 ኪሎሜተር ሽፊኑ ነይሩ፡፡ ኣመሪካዊ ተቐዳዳማይ ኢኤፍ ኢዱኬሽን - ኔልሶን ፖውሎስ ድማ - ብ3 ሰዓት፡ 1 ደቒቕን 50 ካልኢትን ንኣብል ተም ቪዝማ - ዋት ቫን ኣርት ብሸኢ ረቲሁ ተዓዊቱሉ፡፡

ኣብል ኢንተር ማርሽ - ቢንያም፡ ካብ ዕወት 1 ደቒቕን 50 ካልኢትን ድሒሩ፡ መበል 17 ኣትዩ፡፡ ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክሊታ ዓለም ብርክት ዝበሉ ሓደስቲ ምዕራፋት ዝኸፈተ ቢንያም፡ ዛጊት ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝቖየደም ውድድራት መድረኽ ክዕወት ኣይክኣለን ዘሎ፡፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ፖደየም ዘደየቦ ቁመና ክምዝለዎ ግና ይእመን፡፡

ዝቕጽል ጸወታ ናይዚ ትማሊ 25 ዓመት ልደቱ ዘኽበረ ብሉጽ ናይ ሸኺ ተቐዳዳማይ፡ ኣብ'ዛ ዝሓለፋ ዓመታት መበልዕቱ ዝበረት ሃገር ቤልጅዩም፣ 6 ሚያዝያ ኣብ ናይ ክላሲክ ውድድር 'ሮንደ ቫን ቭላንደረን' እዩ፡ ጽቡቕ ዕድል ንቢንያም!

## ስእሊ ዝሓለፈ ሰሙን


እዛ ብጺጋማይ ሸነኽ ኤርትራዊ ቁልዓ እተርኢ ስእሊ፡ ኣብ ናይ ኣብዮት ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝስላሰል ዘሎ ስፖርታዊ ውድድር ዝተወስደት ቅላዕ እያ፡፡

እቲ ቁልዓ ነታ ልዕሊ ቁመቱ ክይዳ ዘላ ኩዕሶ ከርክቦን ክቈጻጸራን እናሃቀነ ልዕሊ ዓቕን ዘለሉ እንክሎ እተርኢ እያ፡፡ ምናልባት ሓደ ካብቶም ትሰፋዎት ተጻወትቲ እቲ ውድድር'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ - እዚ ተመሃራይ፡፡

ምስታ ኣብ የማናይ ሸነኽ ኣጥቃዓይ ባየር ሙኒክ - ሃሪ ከይን ኣብ ጸወታታት ቡንደስሊጋ ኩዕሶ ንምቁጻጻር ኣብ ዝተማጠጠሉ እሞ ምስ ምልክት (ሎጎ) እቲ ሊግ ዝተወሰደት ስእሊ ድማ ትመሳሰል፡፡

**ስእሊ - ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል**





## "ብዛዕባ መጻኢ ሳንቾ ሕጂ ምዝራብ ግዜኡ ኣይኮነን" ዓላሚ ቸልሲ

ዓላሚ ቸልሲ - ኢንዞ ማረስካ፡ ኣብዚ እዋን ብዛዕባ መጻኢ ተጻዋታዮም - ጃዶን ሳንቾ ምዝራብ፡ ግዜኡ ከምዘይኮነ ገሊጹ፡፡

ሳንቾ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ብልቓሕ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ናብዛ ኣብ ከተማ ለንደን እትርከብ ክለብ ምጽምባሩ ይዝከር፡፡ 25 ሚልዮን ፓውንድ ክትገዝኦ ዘገድድ ውዕል'ውን ዝፈረመት ቸልሲ፡ ብቀዋሚ ከተፈርሞ ምስዘይትደሊ ድማ፡ ሓሙሽተ ሚልዮን ፓውንድ ከምመቕጸዕቲ ንዩናይትድ ክትከፍላ ክትቅሰብ እያ፡፡

እዚ እንግሊዛዊ፡ ኣብ ፈለማ ኣዋርሕ ብዘርኣዮ ብቕዓት፡ ዳግማይ ናብ ቁመና ዝተመልሰ ይመስል ነይሩ፣ ኣብ ሰለስተ ናይ ሊግ ጸወታ'ውን፡ ሰለስተ ቀረብ ኣካዩዱ እዩ፡፡

እንተኾነ፡ ብቕዓቱ ብቕልጡፍ ኣንቆልቆሉ፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ናይ መወዳእታ ዝተሰለፈለን 20 ግጥማት፡ ሓንቲ ሹቶ ጥራይ ከመዝገበ እንክሎ፡ ክልተ ቀረብት ከኣ እዩ ሃንዲሱ፡፡ ብሓፈሻ፡ ኣብ 18 ግጥማት ዝተፈላለዩ ውድድራት፡ ሹቶ ከየመዝገበ ይጉዓዝ ኣሎ፡፡ በዚ ከኣ፡ ሓደ ካብቶም ናብ ቁመናኦም ክምለሱ ዝተሸገሩ ተጻወትቲ እዚ ሊግ ክኸውን ተቐሲቡ ኣሎ፣ መጻኢኡ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ጠልጠል እዩ ዘርከብ፡፡

ማረስካ፡ ትማሊ ኣብ ዝሃበ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ 'ንሳንቾ፡ ብቀዋሚ ከተፈርምዎ ዲኹም?' ተባሂሉ ተሓቲቱ ነይሩ፡፡ "ኣብዚ እዋን ምሉእ ኣተኩሮይ ተሪፍና ዝዘሎ ትሸዓተ ግጥማት እዩ፡፡ ኣብ ክራማት ዜጋጥም ድማ፡ ብዛዕባ ክዝረብ ኢና፡፡ ጉዳይ ሳንቾ ድማ፡ ኣይቅየርን እዩ፡፡ ብዝርዝሩ ዝሓሸ ክስረሕ እዩ፡፡ ብዛዕባ ሳንቾ ጥራይ'ውን ኣይኮነን፣ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለዉ ብዙሓት ተጻወትቲ ኣለዉና፡፡" ክብል መሊሱ እቲ ኢጣልያዊ፡፡

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ቸልሲ፡ ነዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ብቀዋሚ ከተፈርሞ ድሌት የብላን፡፡ በዚ ኸኣ፡ ካብቲ ዝፈረመቶ ውዕል ንምውጻእ መገዲ ተናዲ ኣላ፡፡ ሓሙሽተ ሚልዮን ፓውንድ መቕጸዕቲ ክፊላ ናብ ጋንታኡ ክትመልሶ ከምእትኽእል'ውን ይግለጽ፡፡

እንተኾነ፡ ሳንቾ፡ ዳግማይ ናብ ዩናይትድ ክምለስ ድሌት ከምዘይብሉ እዩ ዝሕበር፡፡ እዚ ወዲ 25 ዓመት፡ ድሕሪ ምዝዛም እዚ ወቕቲ፡ ናብ ናይ ቅድም ክለቡ ቦሩሽያ ዶርትሙንድ ክምለስ ከምዝሓላተተ ተገሊጹ፡፡ ሳንቾ፡ ኣብዛ ጀርመናዊት ክለብ እቲ ዝበለጸ ናይ ጸወታ ግዜኡ ምሕላፉ ይትንተን፡፡ ቀጻሊት ክለቡ ከም ክትኸውን እያ ድማ፡ ብኣጋኡ ኣርእስቲ ኮይኑ ኣሎ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ማረስካ፡ ሎሚ ኣንጻር ቶተንሃም ኣብ ዘካይድዎ ናይ 'ለንደን ደርቢ' ጸወታ፡ ኮል ፓልመር፡ ኒኮላስ ጃክሶንን ማድወከን ካብ መጉዳእቲ ተመሊሶምም ምህላዉ ሓቢሩ፡፡ ላቪያ ግና፡ ሰሪ ንእሽቶይ



## ከረን - ዋንጫ ናጽነት ጀሚሩ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ናይ ኣውዲቑካ ምሕላፍ ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ዝሓለፈ ሰኑይ ምጅማሩ፡ ወከል ዜና እቲ ዞባ ሓቢሩ፡፡

እዚ ውድድር፡ ኣብ መንጎ ሸሞንተ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ሹዱሽተ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮን እዩ ዝስላሰል ዘሎ፡፡

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት ድማ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ምም/ከባቢ 03 ምስ ምም/ከባቢ 04 እየን ተጋጢመን፡፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ሹቶ ዘይተመዝገቦ ጸወታ እዘን ጋንታታት፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ ምምሕዳር ከባቢ 04 ሹቶ ብዘመዝገበታ ሹቶ 1-ብ0 ተዓዊታ፡፡ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ድማ ሓሊፋ፡፡

ኣብ ጸወታ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣላሳሕልን ደንደንን እየን ተራኺበን፡፡ ወላ'ኳ ክልተአን ጋንታታት ዝተፈላለየ ፈተና እንተኣቕረቡ ቅድሚ ዕረፍቲ ግን፡ ሹቶ ኣይተመዝገበን፡፡ ኣብ መበል 85 ደቒቕ ግን፡ ኣልሳሕል ሹቶ ረኺባ ክትመርሕ ጀሚራ፡፡ ጸወታ ኣብ ኣጋ ምዝዛም ድማ፡ ሓላው ልዳት ጋንታ ደንደን ብዝገበሮ ጌጋ ሹቶ ብምምዝጋቡ፡ ኣልሳሕል 2-ብ0 ተዓዊታ፡፡

እዚ ኣብ ስታድዮም ከረን ዝቖየደ ዘሎ ውድድር፡ ትማሊ'ውን ብጸወታ ገዛ ጥንዳን ኣልጋሽን ቀጺሉ፡፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ሚዛናዊ ምንቅስቓስ ዝተራእዩ እዚ ግጥም፡ ኣብ ጽቡቕ ቁመና ዘላ ኣልጋሽ ብዘመዝገበተን ክልተ ሹቶታት ንዕረፍቲ መራሒ ወጺኦ፡፡

ናይ ካልኣይ እብረ ጸወታ 10 ደቓይቕ ምስ ተላዕሉ ድማ፡ ሳልሳይቲ ሹቶ ብምውሳኻ፡ ብጠፊሕ ክትመርሕ ክኢላ፡፡ ገዛ ጥንዳ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ካብ ስዕረት ዘናግፈታ ሹቶ ብምቝጻራ ኸኣ፡ ጸወታ ብዓወት ኣልጋሽ 3-ብ1 ተዛዚሙ፡፡

ናብ ዝቕጽል መድረኽ ዝሓለፋ ኣልሳሕልን ኣልጋሽን ብዝገበርኦ ዕጫ፡ ዝመጽእ ቀዳምን ሰንበትን ኣልጋሽ ኣንጻር ኣልሂሉ፡ ኣልሳሕል ኣንጻር ላዕል ክራኸባ እየን፡፡



## ዞባ ማእከል - ዘዋሪት ዋንጫ ቅድድም ብሽክለታ ክጅምር እዩ

ዘዋሪት ዋንጫ ቅድድም ብሽክሊታ ዞባ ማእከል ዓመት 2025፡ ሰንበት 6 ሚያዝያ ኣብ ከባቢ ሞኖፖልያ ብዝቖየድ ውድድር ክፍለም እዩ፡፡

እዚ ክልተኡ ጾታ ዝሳተፍዎ ውድድር፡ ናይ ከተማን በረኻን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ብተኸታታሊ ሰሙን ምሉእ ክሳብ ሰንበት 13 ሚያዝያ እዩ ክስላሰል፡፡ እዚ ማለት፡ ኩሉም ዲቪዥናት ደቂ ተባዕትዮ ከምኡ'ውን ብሓባር ዘውዳደራ ደቂ ኣንስትዮ ሰንበት ኣብ ሞኖፖልያ ምስ ተጻወቱ፡ ኣብ ዝስዕብ መዓልታት ኣብ ዝተፈላለየ መስመር ክውዳደሩ እዮም፡፡

ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን - ዕለት 7፡ 9ን 11ን፡ ካልኣይ ዲቪዥን (ጁንየር) ዕለት - 8ን 10ን፡ ሳልሳይ ዲቪዥን (ዩዝ) ድማ፡ 8ን 12ን ኣብ ዝተፈላለየ መስመር ናይ በረኻ ጸወታ ተሰሪዑሎም ኣሎ፡፡ ሰንበት 13 ሚያዝያ ኸኣ፡ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ክካየዱ እየም፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ፡ 5ን 12ን ሚያዝያ ኣብ ከባቢ ሓሙሻይ መደበር፡ ቀዳማይን ካልኣይን መድረኽ ከሰላስሉ ምዃኖም፡ እቲ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡

## ላ'ሊጋ - ባርሳን ፋይናንስያዊ ሕጽረታታን . . .

ባርሴሎና፡ ንዲኒ ኦልሞን ፓዉ ቪክቶርን ብቐዋሚ ከተመዝግቦም ፋይናንስያዊ ዓቕሚ ከምዘይብላ፡ ላዕለዋይ ዲቪዥን እስጳኛ - ላ'ሊጋ ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣፍሊጡ፡፡

ባርሳ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ነዞም ክልተ ተጻወትቲ ክሳብ 31 ታሕሳስ ብግዝያዊ ከተመዝግቦም ፍቓድ ከምዝተዋህባ ይዝከር፡፡ ኣብ ግዜኡ ሕሳብታ (ወጻኢ ኣ ምስ ኣታዊኣ) ማዕረ ክትገብሮ ዘይከኣለት እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ'ውን፡ ድሕሪ ዝበረቶ ናይ ይግባይ ማመልከቻ፡ ዳግማይ ብግዝያዊ ከተመዝግቦም ተፈቒዱላ፣ ክሳብ ዘቕረበቶ ሕቶ ፍታሕ ዝረኽብ፡፡

እዛ ጋንታ፡ ኣብቲ ዳግማይ ዝሕደስ ዘሎ ስታድዮማ ዝርከብ ንኣገዳስቲ ሰባት (VIP) ጥራይ ዝተሓዝአ ቦታ ብምሻጥ እያ፡ ኣታዊታታ ክተዕቢ ሓሲባ ነይራ፡፡ 100 ሚልዮን ዩሮ ክትሸጦ ውዕል ምግባራ'ውን፡ ዝሓለፈ 3 ጥሪ ኣፍሊጣ ነይራ፡፡

እንተኾነ፡ ላ'ሊጋ፡ እዚ ዝሸየጥ መጠን ገንዘብ ንኣታዊኣን ክሰራሓን ዘመዓራሪ ከምዘይኮነ እዩ፡ ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣፍሊጡ፡፡ በዚ ኸኣ፡ ነዞም ክልተ ተጻወትቲ ከተመዝግቦም ፋይናንስያዊ ዓቕሚ ከምዘይብላ ገሊጹ፡፡ መጻኢኦም ድማ፡ ኣብ ጠልጠል ይርከብ፡፡

ድሕሪ'ዚ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ናይ'ዛ ጋንታ - ጁዋን ላፖርታ፡ "ላ'ሊጋ፡ ምስሊ እዛ ክለብ ክድውንን ኣንጻር ረብሓኣ ክሰይድን ይፍትን ኣሎ" ክብል፡ ነዚ ጉዳይ ምላሽ ክህቡሉ ምዃኑ ገሊጹ፡፡

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

**ፕሪመር ሊግ**

ቸልሲ - ቶተንሃም 10፡00 ድ.ቀ

ጽባሕ

**ቡንደስሊጋ**

ኡግስበርግ - ባየር ሙኒክ 9፡30 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## "ልኡኽ ሩስያ ናብ ኣመሪካ ከምርሕ'ዩ" ተባሂሉ

ልኡኽ ፕረዚደንት ሩስያ - ከረል ዲሚትሪዬቭ፡ ኣብዚ ሰሙንዚ ናብ ዋሽንግቶን ክበጽሕ ምዃኑ መርበብ ሓበሬታ ሲኤንኤን ኣፍሊጡ።

ብመሰረት እቲ መርበብ ሓበሬታ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ቀጥታዊ ወፍሪ ሩስያ ከረል ዲሚትሪዬቭ፡ ምስ ወከልቲ ትራምፕ ስቲቭ ዊትካፍ ክራኸብ'ዩ።

እቲ ሩስያዊ ልኡኽ፡ ፕረዚደንት ነበር ጆ ባይደን ኣብ 2022 ንዲፕሎማስያዊ ርክባት ክልተኣን ሃገራት ካብ ዘቋርጹ ንደሓር ናብ ኣመሪካ ዝበጽሕ ዘሎ ናይ መጀመርታ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ሞስኮ ክኸውን እዩ።



በትጽሕፈት ግዞጃ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ዲሚትሪዬቭ ዝበረ እገዳ ንግዚኡ ብምእላይ ናብታ ሃገር ክኣቱ ተፈቒዱሉ ከምዝሎ ገሊጹ።

እቲ ሩስያዊ ብዓልስልጣን፡ ኣብቲ ዝሓለፈ 18 ለካቲት ኣብ ሪያድ - ስዑዲ ዓረብ ኣብ መንጎ ወከልቲ ኣመሪካን ሩስያን ዝተኻየደ ርክብ ተሳቲፉ ምንባሩ ይፍለጥ።

ምብጻሕ ከረል ዲሚትሪዬቭ ናብ ዋሺንግቶን፡ ኣካል ናይቲ ፕረዚደንት ትራምፕ ግጭት ዩክሬን ንምቁራጽ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ዩክሬን፡ ሞስኮ ነቲ ፕረዚደንት ትራምፕ ብ18 መጋቢት ምስ ሩስያዊ መዘናኡ ፑቲን - ንትሕተቅርጺ ጸዓት ዒላማ ዘገበረ መጥቃዕትታት ደው ክብል ዝጸሐ ስምምዕ ከምዘጠሓሰት'ያ ትኸስስ።

ዋላኳ መራሒ ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ነቲ ስምምዕ ንምኽባር ቃል እንተኣተወ፡ መራሕቲ ሞስኮ ግን፡ እቲ ፕረዚደንት ነቲ ስምምዕ ዕሽሽ ብምባል ኣብ ልዕሊ መኽዘናት ነዳዲ ሩስያ መጥቃዕቲ ሰብኣልቦ ነፈርቲን ሚሳይላትን ከም ዝፈጸመ እያም ዝወቕሱ ዘለው።

## ኣመሪካ፡ ንፊሊፒንስ ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ ትሸጠላ

ብሰንኪ ዋንነት ባሕሪ ደቡብ ቻይና ኣብ መንጎ ፊሊፒንስን ቻይናን ዝተፈጥረ ወጥሪ እናኸረረ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ግዜ፡ ኣመሪካ ብጠቕላላ 5.58 ቢልዮን ዶላር ዝዋግአን 'ኤፍ-16' ዝዓይነተን ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ ንፊሊፒንስ ክትሸጠላ ወሲና።

እቲ ብክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ዝጸደቐ ስምምዕ መሸጣ፡ ዓቕሚ ስትራተጂያውያን መሻርኽቲ ሃገራት ብምምሕያሽ ንጸጥታ ኣመሪካ ዘሐይል ምዃኑ'ያ ዋሽንግቶን ትገልጽ።

"ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ፡ ፊሊፒንስ ንፖለቲካዊ ምርግጋእ ኣገዳሲት ሓይሊ'ያ" ክብል ዝገለጸ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ነቲ ናይ መሸጣ ስምምዕ ከምዝጸደቖ ኣፍሊጡ።

ፊሊፒንስ፡ ካብ 2016 ኣትሒዛ ካብ ዋሽንግቶን ኤፍ-16 ነፈርቲ ውግእ ክትሽምት ድሌት ከምዘለዋ ክትገልጽ ምጽንሓ ይፍለጥ።

ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰት ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ፊሊፒንስ ኣብ ዝገበሮ ዑደት፡ "ፊሊፒንስ ካብ ቻይና ንዘመጽኣ ወተሃደራዊ ተጻብኦ ንምምካት ብኽልተ እግራ ክትድልደል ኣለዋ" ክብል ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ እዚ ወርሒ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣመሪካን ፊሊፒንስን፡ ኣብ ሰሜናዊ ሉዞን ኣብ ዝርከብ ክፋል ፊሊፒንስ ክካየድ ምዃኑ፡ ወተሃደራውያን ሰብመዚ ፍሊፒንስ ይሕብሩ።

ቻይና፡ ኣብቲ ኣከራኻሪ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ምሉእ ዋንነት ከምዘለዋ'ያ ትገልጽ። ይኹን'ምበር፡ ፍሊፒንስ እትርከበን ብርክት ዝበላ ሃገራት፡ ኣብቲ ብጼጋታት ዓሳ ነዳዲ ዘይትን ካልእ ማዕድናትን ኣዝዩ ሃብታም ምዃኑ ዝንገረሉ ኣከራኻሪ ባሕሪ እጃታ ከምዘለወን'የን ዝምጉታ።



ኣመሪካ ድማ፡ ዝበን ንቻይና ዝጻረራ ሃገራት ብምድጋፍ፡ ነቲ ጉዳይ ተዛዕባ ከምዝላ ይሕበር።

## ሃገራት ኤውሮጳ፡ ርእሰ ማል ሩስያ ደስኪሉ ክጸንሕ ወሲነን

ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ኣጽኒዑዎ ዘሎ እገዳታት ክናዋሕ ከምዝለዎ፡ ላዕለወይቲ ዲፕሎማሲኛ ናይቲ ሕብረት ገሊጹ።

ብሰንኪ ግጭት ዩክሬን ዝተኣገደ - ኣብ ፋይናንስያውያን ትካላት ምዕራብ ዝርከብ ገንዘብ ሩስያ፡ ክሳብ እቲ ተጻብኦታት ደው ዝብል ደስኪሉ ክጸንሕ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ዓባይ ብሪጣንያን ተሰማሚዐን እየን።

እተን ሃገራት ብዘውጸኣ፡ ኣብ ልዕሊ ሞስኮ ተወሲኹ እገዳ ክግበር'ውን ዝሓለፈ ሰሉይ ምጽውዐን ይዝከር።

እቲ ብላዕለወይቲ ዲፕሎማሲኛ ሕብረት ኤውሮጳ - ካጃ ካላስ ከምኡ'ውን ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ፖላንድ፡ ስጳኛን ዓባይ ብሪጣንያን ዝተዋህበ ሓበራዊ መግለጺ፡ ዕላማኡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ተወሳኺ ምፍርራሕ ንምፍጣር ምዃኑ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

"ሓደሽ እገዳታት ብምጽዳቕ ሓዊሱ፡ ኩሉ ዘሎ ኣማራጺታት ተጠቒምካ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ተወሳኺ ጸቕጢ ንምግባር ዝዓለመ'ዩ" ክብሉ ተንተንቲ ናይ'ቲ ዞባ ይሕብሩ ኣለው።

ነቲ ካብ 2022 ጀሚሩ ብምዕራባውያን ሃገራት ተኣጊዱ ዘሎ ኣስታት 300 ቢልዮን ዶላር ገንዘብ ማእከላይ ባንክ ሩስያ ብምጥቃስ፡ "ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ኣቋሪጻ ክሳብ ንዩክሬን ግቡእ ካሕሳ እትኸፍል፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝርከብ ገንዘባ ንብረታን ከይንቀሳቐስ ተኣጊዱ ክጸንሕ ምዃኑ ደገምና ነፍልጥ" ክብል ድማ እቲ ሕብረት ገሊጹ።



ሩስያ ግን፡ ነቲ እገዳ 'ቅሉዕ ስርቂ' ብምባል ኩኒናቶ።

## ቻይና ንሚያንማር ትሕግዝ

ብሰንኪ ኣብ ሚያንማር ዘጋጠመ 7.7 ሬክተር ስኬል ዝዓቐኑ ሓደጋ ምንቕጥቃጥ ምድሪ፡ ደሃይ ዘጥፍኡ 373 ሰባት ንምድላይን ንምድሓንን ካብ ሆንግ ኮንግ - ቻይና ዝመጹት ጉጅለ ምድሓን ህይወት፡ ኣብ ዝፈረሱ መንበሪኣባይቲ ከተማ ማንዳላይ ናይ ምድላይ ስርሒት ተካይድ ኣላ።

ነቲ ተልእኾ ንምዕዋት፡ ምዕቡል ኢንዶስኮፕ፡ ራዳር ዌቭ፡ ካሜራታትን ሰብኣልቦ ነፈርትን ዝጠቓለለ መሳርሒታት ተጠቒሞም የካይድዎ ከም ዘለዉ'ውን ተገሊጹ።

እታ ጉጅለ በቲ ዝፈረሰ ህንጻታት ተደቢዮም ብህይወት ንዝጸንሑ ግዳያት ንምድሓን ዓሊማ ከም ዝተበገሰት እዩ ዝሕበር ዘሎ።

መራሕቲ ሚያንማር ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ህጹጻት ዝርከብዎም ልዕሊ 2,886 ሰባት ከም ዝሞቱን ካልኦት ኣስታት 4,639 ድማ ከም ዝቖሰሉን ኣፍሊጦም።

ገና ኣብ ትሕቲ ፍርስራስ ህንጻታት ተጸቒጦም ህይወቶም ዝሓለፉ ክህልዉ ስለዝኽእሉ ድማ፡ ቀጽሪ ናይ ዝሞቱ ሰባት ናብ ኣስታት 3 ሽሕ ክበብ ከይብል ስግኣት ከምዘሎ ገሊጾም።

እቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ዘጋጠመ ምንቕጥቃጥ ምድሪ፡ ብውሕዱ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዘመን ኣብታ ሃገርን ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያን ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሳሊቲ ሓደጋታት እቲ ዝበርትዐ ምንባሩ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ጥንታውን ዘመናውን ህንጻታት'ውን ሰፊ ዘይብል ዕንወት ኣውሪዱ ከምዘሎ፡ ሰብ መዚ እታ ሃገር ወሲኾም ኣረዲኦም።



## ወተሃደራዊ ልምምድ ህ/ሪ/ቻይና ይቕጽል

ቻይና ኣብ ዙርያ ደሴት ታይዋን ንኻልኣይ መዓልቲ ዝቐጸለ ናይ ኩናት መናውራታትን ወተሃደራዊ ልምምዳትን ቀጺላ።

ሰራዊት ቻይና ናይ ካልኣይ መዓልቲ ወተሃደራዊ ልምምዱ፡ ባለስቲክ ሚሳይላት ሮኬታት ተጠቒሙ ኣብ መሬት ዝዓለዎ ዒላማታት ከወቅዕ እንከሎ ዘርኢ 'ናይ ቀጥታዊ ልምምድ ተኾሲ'ዩ' ዝበሎ ቪድዮ ዘርጊሑ ኣሎ።

እቲ ብረቡዕ ዝቐጸለ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ኣካል ናይቲ "ስትረይት ተንደር-2025 ኤይ" ዝብል ስም ተጠሚቑ ዘሎ ወተሃደራዊ ስርሒት ኮይኑ፡ ኣብ ማእከላይን ደቡባውን ክፋል መጻብቦ ደሴት ታይዋን ከምኡ'ውን ኣብ ምብራቓዊ ባሕሪ ቻይና ከምዝተኻየደ፡ ሰራዊት ናይ'ታ ሃገር ገሊጹ። እቲ ልምምድ፡ ኣስታት 76 ወተሃደራዊ ነፈርትን 19 መራኽብ ውግእን ከም ዝተሳተፍኦ ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

"ዕላማ ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ናይ ምክልኻልን ምውጋእን ዓቕሚ ሰራዊት ቻይና ንምፍታን እዩ ነይሩ" ክብል ድማ ወኪል ቃል ናይ'ቲ ሰራዊት ኮሎኔል ኮ ሺ ዩ ሓቢሩ።

ቤጂንግ፡ እታ ፈጺማ ዘይትንጸል ኣካል ልኡላዊ ግዝኣታ ምዃና እትገልጾ ደሴት ታይዋን ክትንጸል ምስ እትፍትን፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ተጠቒማ ክትቆጻጸራ ከምእትኽእል'ያ ተጠንቀቕ።

እቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ክሳብ ሎሚ ሓሙስ ምሸት ክቕጽል ትጸበ ዝገበረሉ ኮይኑ፡ ምምሕዳር ድሕነት ባሕሪ ቻይና፡ ካብ ታይዋን ልዕሊ 500 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ዝርከብ ሰሜናዊ ክፋል ምብራቓዊ ኣውራጃ ዝጂያንግ፡ ብሰንኪ'ቲ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንምንቅስቓስ መራኽብ ዕጹው ኮይኑ ክጸንሕ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 03/04/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565